# ወጋሕታ

ኢፕድ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 08 25 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00


# ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ጋህዲ ዝገብር ስምምዕነት ተፈሪሙ

## • ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊ ላንድ ዝገበረቶ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክትግበር 'ዩ

ሄርሞን ፍቃዱ

<u>ኣዲስ ኣበባ፡</u>- ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድን ፕረዚደንት ሶማሊ ላንድ ሙሴ ቢሂ ኣብዲ ዕለት 22/4/2016 ዓ/ም ታሪኻዊ ሰነድ ከም ዝተፈራረሙ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር ኣፍሊጡ፡፡ ከምኡ 'ውን ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊ ላንድ ዝገበረቶ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ከምዝትግበር ኣማኻሪ ብሄራዊ ደሕንነት ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስትር ኣምባሳደር ሬድዋን ሑሴን ገሊፆም፡፡

እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ዕላዊ ገፁ ከም ዘፍለጦ፤ መንግስቲ ፌዴሪኢ ምስ መንግስቲ ሶማሊላንድ ዝፈረምዎ ሰነድ ምትሕብባርን ምርድዳእን ከምኡ 'ውን ኣብ ቐፃሊ ንዝህሉ ርክብ መሰረት ከም ዝኸውን ተሓቢሩ፡፡

እዚ ሰነድ መሳርሒ ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ጋህዲ ዝገብር፤ መማረፅታት በሪ ባሕሪ ዘስፍሕ፤ ናይ ኽልቲኦም ወገናት ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማሲያዊ፣ ፀጥታን ቑጠባን ዘጠናኽር ከም ዝኾነ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣፍሊጡ፡፡

ከምኡ 'ውን እቲ ሰነድ ብዘፈር ፖለቲካን ዲፕሎማስን ንዝህልው ርክብ ዘጠናኽር ኣካይዳ ዘካትት 'ዩ ክብል እቲ ቤት ፅሕፈት ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

እዚ መረዳድኢ ሰነድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ሰነድ

ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ...ናብ ገፅ 6




# ካብ ዳግመ ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕሪ ከንመሃር ይግበአና

## • ልደት እንትነኽብር ፈጣሪ ዝደልዮ ሰናይ ተግባር እናፈፀምና ክኾን ይግባእ

ሄርሞን ፍቃዱ

<u>ኣዲስ ኣበባ፡</u>- ንሕና ደቒ ሰባት ካብ ዳግመ ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕርን ምትሕልላይን ከንማሃር ይግበአና ክብሉ ኣመሓዳሪ መንበረ መንግስት ገዳም ቅዱስ ገብርኤል ሊቀ ሊቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን ኪዳነ ማሪያም ገሊፆም። ከምኡ 'ውን ልደት እንትነኽብር ፈጣሪ ዝፈትዎ ሰናይ ተግባር ብምፍፃም ክኸውን ይግባእ ኢሎም።

ኣመሓዳሪ መንበረ መንግስት ገዳም ቅዱስ ገብርኤል ኣባ ጥዑመ ልሳን ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ ናይ ጎይታና መድሓኒትና ኢየሱስ ክርስቶስ ልደት ማለት ናይ ኩላትና ልደት ማለት 'ዩ። ናብ ወዲ ሰብ ዝሰሓቦን ዳግም ዝተወለደሉን ዋና ምኽንያት ፍቕሪ ደቂ ሰባት 'ዩ

ምኽንያቱ ቕድሚ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምውላዱ ኣብ ዘበነ ኦሪት ፅቡቕ ዝገበረን ሕማቕ ዝገበረን ብምኽንያት ስሕተት ኣዳም ኣብ ትሕቲ ፀልማት 'ዩ ነይሩ። ተፈጢሩ ከም ዘይተፈጠረ ኹሉ ናብ ሲኦል 'ዩ ዝኸይድ ነይሩ።

ንሕና ደቂ ሰባት ድማ ካብዚ ከንማሃር ይግበአና፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሓሓሊፉ ኣብ ደቒ ሰባት ዝረአ ዘሎ ዘይምቕድዳው ኣወጊድና ኣብ ሞንጎና ፍቕሪ፣ሰላምን ሓድነትን ክነስፍን ይግባእ ክብሉ ሃይማኖታዊ ማዕደኦም ለጊሶም።

ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣዳም ብመሰረት ዝኣተወሉ ቃል ካብ ደቂ ደቅኻ ተወሊደ ከድሕነካ እየ ኢልዎ ስለ ዝነበረ፤ «ሰማይን ምድርን ይሓልፉ 'ዮም ቃለይ ግን ኣይሓልፍን» ከም ዝበሎ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ካብ እኖና ቕድስት ድንግል ማሪያም ስጋ ለቢሱ ምእንቲ ፍቕሪ ደቂ ሰባት ክብል ነቲ ኣዳም ዝበደሎ በደል ከከሓሕስን ብርሃን ክህበናን ዝተወለደላ መዓልቲ እያ ክብሉ ተዛሪቦም።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንትውለድ ኹሉ ፍጥረት እንስሳታት ከይተረፉ ከም ዝተሓጎሱ ዝገለፁ ሊቀ ሊቃውንትሊቀ ልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፤ እዛ መዓልቲ መድሓኒት ኩሉ ዓለም ዝተወለደላ ንኹሉ ታሕጓስ እትፈጥር መዓልቲ እያ ምስ በሉ፤ ኣውሮፓውያን ኣቆፃፅርኦም ካብ ውልደተ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዱሽ ዘበኖም ገይሮም ከም ዝቖፅሩን ዓብዩ ትርጉም ከም ዝወሃቦን ኣዘኻኺሮም።

ኣባ ጥዑመ ልሳን ከም ዝበልዎ፤ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ወዲ ሰብ ዝሰሓቦ ዋና ምኽንያት ፍቕሪ 'ዩ። ብምኽኒኑ ድማ «ነንርእስኹም ተፋቐሩ» ከም ዝበለና

ካብ ዳግመ ልደት ...ናብ ገፅ 6



ሊቀ ሊቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን ኪዳነ ማሪያም

በኢፌዴሪ የመንግሥት ኮሙኒኬሽን አገልግሎት
FDRE Government Communication Service

# ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ዝተፈረመ ስምምዕ ንኹሉ ዝጠቅም'ዩ

ኣብርሃ ሓጎስ

<u>ኣዲስ ኣበባ፡</u>- ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊ ላንድን ዝተፈረመ ኩሉመዳይ ሰነድ መረዳድኢ ስምምዕነት ምትሕብባርን ሽርክነትን ንዝኾነ ኣካል ዘይጎድእን ኣብ ዓውድታት ማሕበራዊ፣ ኢኮኖምያዊን ወታሃደራውን ሰፊሕ ምትሕብባር ዘጠቓለለ ምዃኑ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ኣፍሊጡ።

እቲ ግልጋሎት ኣብ ሞንጎ ሃገርናን ሶማሊላንድን

ኣብ ሞንጎ...ናብ ገፅ 6

ኣብ ክልል ትግራይ 60 ሽሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ እና ስምዐ ደርኩብ ገፅ 2

‹‹ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ጋህዲ ዝገብር ስምምዕነት ምፍርራሙ ታሪኻዊ ምዕራፍ 'ዩ ›› - መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ ገፅ 5

በፃሕቲ ዓዲ ናብ ተፈጥሮኣዊን ባህላውን መስሕባት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብምምፃእ ዕረፍቲ ግዚኦም ንኽሕልፉ ፃውዒት ቐሪቡ ገፅ 7

ወጋሕታ **ዜና**

# ክልል ትግራይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ቱሪስት ንምቕባል ኣብዝኽለሉ ኩነታት ይርከብ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ክልል ትግራይ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ፍፁም ሰላማዊ ምስ ምዃኑ ተተሓሒዙ ቱሪስትታት ካብ ዝኾነ ዓይነት ስግኣት ናፃ ኮይኖም ዝደልይዎ ታሪኻዊ ቦታ ዑደት ገይሮም ክምለሱ ዝኽእልሉ ተማቻቹዩ ከምዘሎ ሚኒስቴር ቱሪዝም ገሊፁ፡፡

ኣብዚ ሰሙን ምንቕስቓስ ቱሪዝም ክልል ትግራይ መሊሰኻ ንምጅማር ብዴኤታ ሚኒስቴር ሚኒስትር ቱሪዝም ኣይተ ስለሺ ግርማ ዝተመርሐ ጉጅለ ኣብ ክልል ትግራይ መባፅሒ ቱሪዝም ዝኾኑ ቦታታት ዑደት ተኻይዱ፡፡

ሚኒስትር ዴኤታ ስለሺ ግርማ ከምዝበልዎ፤ ኣብ ክልል ኣብዚ ሕዚ እዋን ብዝተረኽበ ሰላም እቲ ካብ ኮረና ጀሚሩ ሙሉእ ብምሉእ ጠጠው ኢሉ ዝነበረ ምንቕስቓስ ቱሪዝም ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ጥራሕ እንተይኾነስ ካብኡ ንላዕሊ ክኸውን እናተሰርሐ ከምዝርከብ ኣፍሊጦም፡፡

ሰላምን ቱሪዝምን ዘይነፃፀሉ 'ዮም ዝበሉ እቶም ዲኤታ፤ ብዘይ ሰላም ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ቱሪዝም ክህሉ ኣይኽእልን፤ ብፍላይ ዓለም ለኸ ዑደተኛታት ኣብ ዓለም ልዕሊ ኽልተ ሚኢቲ ሃገራት ዑደት ናይ ምግባር መማረፂ ኣለዎም፤ እንተኾነ ግና ቐድሚኡ ዝህብዎ ሰላም ዘለዎ ኸባቢ 'ዩ ኢሎም፡፡

ቱሪዝም 'ውን ንሰላም ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ድሕሪ ምግላፅ፤ እቲ ሚኒስተር ቱሪዝም ኣብቲ ክልል ንዝሓለፉ ሹድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ኣክሱም፣ ገረዓልታን መቐለን ንቱሪስት መባፅሒ 'ዮም ዝባሃሉ ኸባብታት ኣብ ዝገበሮ መፅናዕቲ ግልጋሎት ትራንስፖርት፤ ዑደት ዝግበረሎም ቦታታት ዝርከብሎም ኩነታት፤ ግልጋሎት ንምሃብ ዘሎ ሓፈሻዊ ሓይሊ ሰብን ምድላዋትን ስራሕ መፅናዕቲ ከምዝተሰርሐ ተዛሪቦም፡፡

ብዝተገበረ መፅናዕቲ መሰረት ክልል ትግራይ ኣብዚ ሰዓት እዚ ፍፁም ሰላማዊ ኣብ ዝኾነ ኩነታት ከምዝርከብ ዝገለፁ እቶም ሚኒስትር ዴኤታ፤በፃሕቲ ዓዲ ካብ ወፃእን ውሽጢን ሃገር መፂኦም ዑደት ክገብርሉ ዝኽእሉ ኩነታት ከምዘሎን ዝኾነ ዓይነት ናይ ሰላም ስግኣት ከምዘየለ ሓቢሮም፡፡




ኣይተ ስለሺ ግርማ

ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ቱሪዝም ሚንስተር ኣብቲ ክልል መባፅሒ ቦታታት ዘለዉዎ ብርኪ ፣ሓለዋ ቅርሲ ከምኡ 'ውን ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ትካላት ዋሃብቲ ግልጋሎት ዘለዉዎ ብርኪ ብብዓል ሞያ ተኸታታሊ መፅናዕቲ ንክግበርን ስራሕቲ ንክስራሕ ከምዝተገበረን ኣብሪሆም፡፡

ሚኒስትር ዴኤታ ስለሺ ግርማ ከምዝበልዎ፤ ሓድሽ ሚኒስተር ቱሪዝም ብምጥያሹ ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ፖሊስን ስትራቴጂን ምምሕያሽ መሰረት ብምግባር፤ ማዕቐፋት ሕጊ ምምሕያሽ መሰረት ብምግባር ብሓፈሻ ከም ሃገር ዘሎ ዕላማ ቱሪዝም ብፍላይ ብናይ ውሽጢ ሃገር ሪፎርም ቱሪዝም ናብ ክልል ብምውራድ ናይ መንግስትን ውልቀን ባዓል ሞያ ናይ ምስልጣን ስራሕ ተኻይዱ 'ዩ፡፡

ዝተፈላለዩ መራኸቢ ሓፋሻት ድማ ኣብቲ ክልል ዘሎ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ብምዕዛብ ግንዛበ ንክፈጥሩን እቲ ኸባቢ ንክፉለጥን ናይ ምግባር ስራሕ ንክሰርሑ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም፡፡



## ኢትዮጵያ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ምፍርራማ ሰላምን ልምዓትን እቲ ዞባ ንምርግጋፅ 'ውን ሓጋዚ 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ ተወሳኺ ኣፍ ደገ ባሕሪ ንምጥቃም ምፍርራማ ሰላምን ልምዓት እቲ ዞባ ንምርግጋፅ 'ውን ሓጋዚ 'ዩ ክብሉ ናይ ታሪኽ ሙሁር፣ ጋዜጠኛን ፀሓፍን መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ ገሊፆም፡፡

መምህር ግርማይ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከም ዝገለፅዎ፤ ኢትዮጵያ ጠለብ ኢኮኖሚኣ እናወሰኺ ምስ ምኻዱ ተተሓሒዙ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ እናጠየቐት ፀኒሓ 'ያ፡፡ ብምዃኑ ምስ ሱማሌ ላንድ ኣብዚ ሰሙን እዚ ተፈራሪማ ኣላ፡፡ እዚ ካብ ረብሓ ባዕላ ሓሊፉ ኣብቲ ዞባ ሰላምን ዕቤትን ኢሉ 'ውን ኣብ ምንቕስቓስ ንግዲ እቲ ባሕሪ ዘጋጥም ናይ ሰላምን ፀጥታን ፀገም ንምቑፅፃር ዝሕግዝ 'ዩ፡፡

ኣብቲ ዞባ ይኹን ኣብ ምንቕስቓስ እቲ ባሕሪ ዘጋጥም ዘይምርግጋዕ ኩነታት ንኢትዮጵያ ዝፀልው 'ዩ ዝበሉ መምህር ግርማይ፤ ኣብዚ ጉዳይ ኢትዮጵያ ተሳታፊት እንተኾይና ሰላምን ፀጥታን ናይ ምኽባር ታሪኽን ብቕዓትን ስለዘለዋ እቲ ዞባ ሰላም ዝሰፈኖ ንምግባር ዝሕግዝ 'ዩ፡፡

ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም ዝተፈለጠን ዝተደነቐን ሰላም ናይ ምኽባር ብቕዓትን ታሪኽን ኣለዋ ዝበሉ መምህር ግርማይ፤ ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ኮርያ ወፊሩ ሓደ ወታደር እንተይተማረኾ ተልእኹኡ ተዋፂኡ ናብ ዓዱ ተመሊሱ 'ዩ፤ ኣብ ኮንጎ 'ውን ዓብዪ ዕግርግር ነይሩ ናይ ኢትዮጵያ ወትሃደር ተላኢኹ ብብቕዓት እጃሙ ተዋፂኡ ተመሊሱ 'ዩ፡፡

ከምኡ 'ውን ነቲ ኣብ ኮንጎ ናይ ሕቡራት መንግስታት መኸበሪ ሰላም ዝነበረ ጠቕላላ መራሒ ዝነበሩ ብርጋዴል ጀነራል ከበደ ገብሬ ዝበሃሉ ኢትዮጵያዊ ሓለቓ 'ዮም ነይሮም፡፡ ብምዃኑ ኢትዮጵያ ሰላምን ፀጥታን ኣብ ምኽባር ዘለዋ ታሪኽ ልዑል 'ዩ፡፡ እዚ ክልቲኦም መራሕቲ ተፈራሪሞሞ ዘለዉ ስምምዕ ምጥቃም በሪ ባሕሪ ድማ ንጠቕላላ ሰላምን ፀጥታን ምስፋን እቲ ዞባ 'ውን ከምዝጠቕም ኣማላኺቶም፡፡

ኣብቲ ከባቢ ናይ ፀጥታ ፀገም እንተጋጢሙ ብምዕራብ ኣፍሪካ ዘይርካ ብደቡብ ኣፍሪካ ገይርካ ከትመፅእ እንተኾይንካ ኣዝዩ ርሕቐት ስለ ዘለዎ ብኢኮኖሚን ግዜን ዘዋፅእ ኣይኮነን፡፡

ብተወሳኺ ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ ክዓብያ ዝኽእላ 'ውን ብምድግጋፍ እምበር ብተናፀል ኣይኮናን፡፡ ሃገራት ኣውሮፓ ክዓብያ ክኢለን ዘለዋ ብምድግጋፈን 'የን፡፡ ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ 'ውን ካብዚኣን ተሞኩሮ ብምውሳድ ተደጋጊፈን ክዓብያ ይግባእ፡፡

በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ ህዝቢ ዓለም ክርደኦ ምግባር ካብ ሙሁራት ዓብዪ ትፅቢት 'ውን ይግበር ዝበሉ መምህር ግርማይ፤ ብፍላይ ኢትዮጵያ ህዝባ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ሕዚ 'ውን ካሊእ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ ከድልያ ከምዝኽእል ንህዝቢ ዓለም ኣብ ምርዳእ ሙሁራን ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ይግባእ ክብሉ ኣታሓሳሲቦም፡፡

# ኣብ ክልል ትግራይ 60 ሽሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ እና ለምዐ ይርከብ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ራሕሲ ኣብ ዘለዎም ከባቢታት 60 ሽሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ እናለምዐ ምዃኑ ሕርሻ ቢሮ እቲ ኽልል ኣፍሊጡ።

ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ኽልል ትግራይ ኣይተ ኣበራ ከድነው ብፍላይ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶሪያ ሰላም ምስፋኑ ተኸቲሉ እቲ ኽልል ናብ ልምዓት ኣትዩ 'ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ሓረስታይ ናብ ሕርሻን ካልኦት ስራሕቲ ልምዓትን ንክኣትው ምግባሩ ብምዝኽኻር፤ ይኹን እምበር ብተፈጥሯዊ ጉድኣታት ዝተልዓለ ብዝተሓሰበ ልክዕ ዕውት ክኸውን ዘይምኽኣሉ ገሊፆም።

ኣብ ምብራቃዊ፣ ደቡባዊን ደቡብ ምብራቅን ዞባታት እቲ ኽልል ንድርቂ ዝተጋለፁ እንትኾኑ፤ ኣብዞም ዞባታት 'ዚኦም ጥራሕ ኣብ ልዕሊ 140 ሽሕ ሄክታር ዝተዘርአ ንጉድኣት ተጋሊፁ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ኣበራ፤ ኣብ ማእኸላይን ሰሜናውን ከባቢታት ዝሐሸ ዝናብ ዝነበሮ እንተኾነ 'ውን እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ልዑል ጉድኣት ኣብፂሑ 'ዩ።

ከም ገለፃ ምኽትል ሓላፊ እቲ ቢሮ፤ እቲ ኽልል ካብቲ ኩናት እናሓውየ እንትኾነ 'ውን ተፈጥሮ ገፃ ብምዛራ እቲ ጉድኣት እናተስፋሕፍሐ 'ዩ። ኣብቲ ሓረስታይ ዝበፅሖ ዘሎ ፀገም 'ውን ኣብ ሓደ ቦታ ደው ዝብል ብዘይ ምዃኑ፤ ኣብ ገጠር ዘሎ ፀገም ናብ ኸተማታት እናተዛመተ ይርከብ። እዚ ብምዃኑ ነቲ ኽልል ምሕጋዝ ሰብዓዊነት ብምዃኑ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ክትሓባበሩ ይግባእ።

ፀገማት እንተሃለው 'ውን እቲ ድርቂ ንምምካት ብስፍሓት እናተሰረሐሉ 'ዩ ዝበሉ እቶም ሓላፊ ቢሮ፤ ብፍላይ ኣብ ሓፂር እዋን ዝበፅሑ ዝራእቲ ኣብ ራሕሲ ዘለዎም ከባቢታት እናተዘርኡ ይርከቡ። ኣብዚ እዋን 'ውን 60 ሽሕ ሄክታር መሬት ስራሕቲ መስኖ ተጀሚሩ 'ዩ።



እቲ ድርቂ ንምምካት ቅድም ኢልና ኢና ናብ ስራሕ ኣቲና ዝበሉ ኣይተ ኣበራ፤ ክሳብ ሐዚ ድማ ልዕሊ 36 ሽሕ ሄክታር ዝኸውን መሬት ብመስኖ ምሽፋኑ ገሊፆም። ነዚ 'ውን ብዙሓት ኣካላት ሓገዝ ምግባሮም ብምሕባር፤ ካብ ትካል ምግቢ ዓለም ናብ ሚኢቲ ሚሊዮን ብር ዝግመት ናይ ዘመናዊ ድኹዒ ብሓገዝ ምርካቡ ኣረዲኦም። ብዝበለፀ ድማ መንግስቲ ፌደራል ልዑል ሓገዝ እናገበረ ምዃኑ ኣብሪሆም። ብተወሳኺ ሓደ ሓደ ኽልላት 'ውን ሓገዝ እናገበሩ ምዃኖም ኣመልኺቶም።

ኣይተ ኣበራ ከምዝበልዎ፤ እቲ ፀገም ብብርኪ ኽልል ንምምካት ልዑል ፃዕሪ እናተገበረ እንትኾነ 'ውን ሐዚ 'ውን ሓገዝ ኣድላይ 'ዩ። ብፍላይ ኣቕርቦት መኖ እንስሳት ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ፤ ብዶብ ተሳገርቲ ዝኾኑ ሕማማት እንስሳት ንጉድኣት እናተጋለፁ ብምኾኖም ፍሉይ ኸትትልን ድጋፍን ዘድሊ 'ዩ።

ኣብ ራሕሲ ዘለዎም ከባቢታት ንዝግበር ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ድማ ምሩፅ ዘርእታትን ፓንፕታት ማይን ብስፍሓት ክቀርቡ ይግባእ ዝበሉ ኣይተ ኣበራ፤ ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ድርቂ ናብ ዝኸፍአ ብርኪ ከሰጋገር መንግስቲ ፌዴራል ዝጀመሮ ድጋፍ ኣጠናኺሩ ንኽቅፅል ፃውዒት ኣቕሪቦም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## መንግስቲ ኣብ ምንቕቓሕ ቱሪዝም ክልል ትግራይ ልዑል ቆላሕታ ሂቡ እናሰርሐ ይርከብ

መንግስቲ ብኮቪድን ካብኡ ቐጺሉ ድማ በቲ ዘጋጠመ ኩናት ስዒቡ ተዛሓሒሉ ዝፀንሐ ምንቅስቃስ ቱሪዝም ሃገርና ዳግም ንምንቕቓሕ እናሰርሐ ይርከብ፡፡ ብፍላይ ድማ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ተሓስዩ ዝነበረ ኩነታት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ናብ ዝነበሮ ንምምላስን ኢሉ 'ውን ካብዝነበሮ ንላዕሊ ክኸውን ልዑል ጠመተ ብምሃብ እናሰርሐ ይርከብ፡፡

ቱሪዝም ኣብ መለእ እዛ ሃገር ዋላ ተዳኺሙ ይፅናሕ ሕዚ ግና ብዝተረኸበ ኣንፃራዊ ሰላም ምንቕስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ፡፡ ብፍላይ ክልል ትግራይ ብዓብይኡ በቲ ኩናት ዝተጎድአት ምስ ምንባራ ተተሓሒዙ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ስለ ዘድልያ ቱሪዝም ሚኒስቴር ናብቲ ክልል ተደጋጋሚ ብምኻድ ናብ ንቡር ኩነታት ዘኽእል ስራሕቲ እናሰርሐ ብምምፅኡ ቱሪስትታት ምኻድ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡

ዳግም ንምንቕስቓስ ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፡፡ ሕዚ 'ውን ልዑል ጠመተ ብምሃብ እናሰርሐ ይርከብ፡፡ ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብሚኒስትር ቱሪዝም ዲኤታ ኣይተ ስለሺ ግርማ ዝተመርሐ ልኡኽ ነቲ ቕድሚ ሕዚ ኣትሒዙ ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናሰርሐሉ ዝመፀ ኩነታት ንምጥንኻርን ከምኡ 'ውን ምንቕስቃስ ቱሪዝም ትግራይ ዳግም ንምጅማር ዝዓለመ ዑደት ኣብ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣውን ባህላውን መስሕብ ቱሪስትታት ክልል ትግራይ ብኣካል ተዘዋዊሩ ክዕዘብ ቐንዩ 'ዩ፡፡

እቲ ክልል 'ውን ምስ መንግስቲ ፌዴራል ብምኧን ናብ ንቡር ዘይተመለሰ ቱሪዝም ትግራይ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፡፡ እናሰርሐ 'ውን ይርከብ፡፡ ብምኧኑ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ቱሪስትታት ብዘይ ምንም ፀገም ምንቕስቓስ ጀሚሮም ይርከቡ፡፡

መንግስቲ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ምንቕስቓስ ቱሪዝም ትግራይ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ጥራሕ እንተይኮነስ ብዝተኸኣለ መጠን ካብ ዝነበሮ ንላዕሊ ክኸው 'ውን ኣበርቲዑ እናሰርሐ 'ዩ ዝርከብ፡፡ ጠቕላላ ኣብቲ ክልል ዝተጎድኡ ቕርስታት ዝበፅሖም ጉድኣት እንታይ ከምዝመስል ሰላም ምስተፈጥረ ጀሚሩ ሰፊሕ ዝኾነ ዳህሳስን መፅናዕትን ብምግባር ጉድኣት ዝበፅሖም ቕርስታት ምስ በዓል ስልጣን ሓለዋ ቕርሲ ብምኧን ናይ ምፅጋን ተግባራት እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፡፡

ቕድም ኢሉ 'ውን ብቀጥታ ንናይ መንግስቲ ቢሮ፣ መኅብነይቲ፣ ሆቴላት ከምኡ 'ውን ብዝተፈላለዩ ዘፈራት ኣብቲ ዓውዲ ዝሳተፉ ኣካላት ናብ መቀለ ብምፅዋዕ ቱሪዝም ሚኒስቴር ኣብዝተረኸበሉ ተኻታታሊ ስልጠናታት ክረኽቡ ተገይሩ 'ዩ፡፡ ጠቕላላ ብብርኪ ሃገር ዘሎ ናይ ቱሪዝም ራእይን ምንቕስቃስን ኣካይዳን እንታይ ከምዝመስል ርድኢት ኣብ ምፍጣር ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም፡፡

ሚኒስትር ባህልን ቱሪዝምን፣ ናይቲ ክልል ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኣብዘለውዎ ቅድሚ ሕዚ ተዓፅዮም ዝነበሩን ንምጉብናይ ኣፀገምቲ ዝነበሩ ቦታታትን ብቕልጡፍ ተስተኻኺሎም ንበፃሕቲ ዓዲ ክፍቲ ክኾኑ ፃዕሪ እናገበረ መፂኡ 'ዩ፡፡ ናይ ሃፀይ ዮሃንስ ቤተ መንግስቲ ሓዊሱ ከምኡ 'ውን ተቛሪፆም ዝነበሩ ናይ ቱሪስት ፋሲሊቲታት፣ መዕርፎ መፈርቲ ኣክሱም ሓዊሱ ብቅልጡፍ ናብ ስራሕ ንኽኣትዉ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብቅርበት እናሰርሐ መፂኡ ሕዚ ናይ ኣክሱም ኣየር ፖርት ኣብ ምፅጋን ይርከብ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ከተማ ኣክሱም ሃገር ለኸ ዝኾነ ከም ኮንፈረስ ቱሪዝም ብምድላው ሰባት ናብ ኣክሱም ብምኻድ ነቲ ከባቢ ክጉብንዩን ጠቅላላ ምንቕስቃስ ቱሪዝም ክድግፉን ምስ ግብረ ሰናይ ትካላት ብሓባር እናተሰርሐሉ መፂኡ 'ዩ፡፡ ከምኡ 'ውን ኣብቲ ክልል ወሃብቲ ግልጋሎት፣ መሰረተ ልምዓትን ካልኦት ጠቕላላ ንበፃሕቲ ዓዲ ዘድልዩ ነገራት ዘለውዎ ደረጃ ንምርኣይ ተገይሩ 'ዩ፡፡

ቕድሚ ሕዚ ዝነበሩ ናይ ፓኬጅ ቀረፃታት፣ ፋሲሊቲታት ናብ ዝነበርዎ ክምለሱ፣ ክስተኻኸሉ፣ ናይ ቕርሲ ፅገናታት፣ ስልጠናታት፣ መፅናዕቲታት፣ ብሓፈሩ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ ሕዚ 'ውን ተጀሚሩ ዘሎ ስራሕቲ ተጣናኺሩ ክቕፅል 'ዩ፡፡ ከምኡ 'ውን ሓደ ግዜ ናብ ትግራይ ዝመፀ ቱሪስት ብኡ ገይሩ ናብ ዓፋርን ኣምሓራን ክኸይድ ስለዝኽእል ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር እዞም ክልላት ብቕንጅት ተኣሳሲሮም ክሰርሑ 'ውን ፃዕሪ እናተገበረ ይርከብ፡፡


## ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቁፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ፀገም መነባብሮ ህዝቢ ዝቕረፍ ብስራሕ እምበር ኣኼባ ብምብዛሕ ኣይኮነን

ሄርሞን ፍቃዱ

ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ኩናትን ድርቕን ኣብ ከቢድ ኩነታት ይርከብ:: ንህዝቢ ዝሓስቡ ብቑዓት መራሕቲ ብዘይምርካቡ ተደራረብቲ ፀገማት በፂሖም 'ዮም:: ቑፅሩ ዘይነዓቕ ህዝቢ ትግራይ ተፀባዩ ሓገዝ ኮይኑ ይርከብ:: ዝተጎሳቖለ ናብራ ይመርሕ ኣሎ:: ህዝቢ ሕዚ ገጢምዎ ዘሎ ፀገም በብዓቕምናን በብኽእለትናን ከንሕግዞ ኣለና:: ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ክልል ትግራይ ዳርጋ መብዛሕትኡ ማሕረሰብ ኣብ ትሑት ብርኪ ቑጠባ ካብ ዝኣትው ፀኒሑ 'ዩ::

ነዚ ከንሰግሮ ንኽእል ድማ ብምትሕግጋዝ 'ዩ:: ኩሉ ኢደይ ኢድካ እንተይሉ ኣብ ክልል ትግራይ ዝርኣይ ዘሎ ፀገማት ቁጠባ ክፍታሕ ዝኽእል 'ዩ:: እቲ ፀገም ንኽፍታሕ ግና ፈለማ ብኹለመዳይ ሙሉእ ትኹረትን ኣንፈትን ብምቕማጥ ናብ ስራሕ ምእታው ናይ ግድን 'ዩ:: እዚ ንምስኻዕ ድማ ጭቡጥ ትልሚ ተሊምካ ምስራሕ የድሊ:: ለውጢ ዝመፅእ ኣኼባ ብምብዛሕ እንተይኮነስ ጭቡጥ ስራሕ ብምብዛሕ 'ዩ:: ክፍታሕ ዝኽእል በዚ ኣግባብ 'ዩ:: መራሕቲ ህዝቢ ትግራይ ቐሪፆም ናብ ተግባር ክኣትዉ ኣለዎም:: ንትርፊ ተዋዲድካ ምስራሕ ብሓገዝ ዝቕየር ህዝቢ የለን:: ካብዚ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የለን::

ኣፍቲ ክልል ዘሎ ብርኪ ቑጠባ ንምግላፅ ዝኣክል ተመሳሳሊ ቑጠባ ክበሃል ይኽእል ይኸውን 'ምበር፤ ዳርጋ ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢ ዝርከብ ማሕበረሰብ ብሰንኪ በሰላ ኩናትን ፀኒሑ ዝተኸሰተ ሕፅረት ማይን ናብርኡ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ካብ ዝኸውን ብርክት ዝበሉ እዋናት ኣቑፂሩ 'ዩ:: እዚ ምልክት ምሽቁልቋል ኢኮኖሚ ድማ ብቐሊሉ ዝርኣይ ኣይኮነን:: ምኽንያቱ ብእዋኑ ተዘይተኣልዩ ሳዕቤኑ ዕዙዝ 'ዩ:: እዚ ካብ እዋን ናብ እዋን ምምሕያሽ ዝግበኦ ቑጠባን ሓፈሻዊ መነባብሮ ህዝቢ ትግራይን ትኹረት እንተተዋሂብዎ ብኸይዲ ክዕረይ ዝኽእል 'ዩ::

ንኣብነት ኣፍቲ ክልል ዘሎ በዓል ሙሉእ ሓይሊ መንእሰይ ብምትሕብባር ስራሕቲ ልምዓትን ምህርቲ ክህቡ ዝኽእሉ ሓፀርትን ነዋሕትን ትልምታት ብምትላም ኣንፈቱን ትኹረቱን ናብ ስራሕን ምንቕቓሕን ክኣትዉ ምግባር ግደ ምሕደራ እቲ ክልልን ግደ ማሕበረሰብን 'ዩ:: ስለዝኾነ በቲ ሐዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ህዝቢ ትግራይ ናብ ዝሐሸ መነባብሮ ንኽሳገር ቐዳምነት ትኹረት ብምግባር ናብ ልምዓታዊ ስራሕቲ ብምድሃብ ፀገማት ክይተጋፍሑ ንኽእለዩ ብፍላይ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ብዕሊ ክሰርሑ ይግባእ::

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣድላይነት ነዋሕቲ ኣኼባታት እቲ ክልል ግድን ኣይኮነን:: እኳ ድኣስ ርኡይ ፀገማት ህዝቢ ንምፍታሕ ኣንፈት ምቕማጥን ብህፁፅ ናብ ስራሕ ምእታውን የድልይ:: ናብ ስራሕ ንምእታው ድማ ፈለማ ሙሉእ ትኹረት ምሃብ ግድን 'ዩ:: ኣፍቲ ክልል ኣጋጢሙ ዘሎ ሕፅረት ቐረብ ኢኮኖሚ ንምፍታሕ ፤ዝተፈላለዩ ቐረባትን ፍልፍላት ቑጠባ እቲ ክልል ናብ ረብሓ ህዝቢ ክልወጡ ምስራሕ ግደ ኹሉ ማሕበረሰብን ግደ ኣካል እቲ ምሕደራን 'ዩ:: ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ገጠራት ትግራይ ንዘሎ ፀገም ቕልጡፍ ፍታሕ ዘድልዮ 'ዩ:: ምኽንያቱ ዓንዲ ሑቐ ከተማ ሕርሻ ውፅኢት ሕርሻን ስለ ዝኾነ፤ ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ መሰል ስራሕቲ ልምዓትን ትኹረትን ተገይሩ ፍታሕ ክቕመጥ ይግባእ::

ምኽንያቱ እቲ ፀገም ኹለመዳያዊ ትኹረት ዘድልዮ 'ዩ:: ብወገን መንግስቲ ይኹን ውልቀ ትካላት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣንፃላልዩ ዘሎ ቐሊል ዘይበሃል ሕፅረት ምግቢ ብእዋኑ ትኹረት ተዋሂብዎ ተዘይተፈቲሑ ብፍላይ ህፃውንትን ሰብ ዕድመ ፀጋን ንዝኸፍአ ሕማምን ጉስቁልናን ዘቃልዕ 'ዩ:: ከም ሃገርን ክልልን ድማ ፈለማ ጉዳይ ቑጠባን ማሕበራዊ ናብራ ህዝብን ትኹረት ተገይሩ ተተሰሪሖ ነቲ ኻሊእ ፖለቲካ ይኹን ተመሳሳሊ ጉዳይ ዲፕሎማሲ ዝሕግዝ 'ዩ:: ቑጠባ እንተተጠናኺሩ ህዝቢ ይነቓቓሕ፤ ብተስፋ ዝተመልአ ራእይ ንክህልዎ ዓብዩ ግደ ይፃወት::

ስለ ዝኾነ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ቕድሚ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ትኹረት ሂቡ ክሰርሖ ዝግባእ ጉዳይ ቑጠባዊ መነባሮ ክኸውን ይግባእ:: ብተመሳሳሊ ዲያስፖራን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ድማ ትኹረቶም ናብ ህዝቢ ብምግባር ህፁፅ ፍታሕ ክገብሩን ብፍላይ ድማ ኹሉ ሕብረተሰብ ፈላማይ ትኹረቱ ናብርኡ ብኸመይ ከመሓይሽ ከም ዝግበኦ ብምዝታይ ነቲ ገጢምዎ ዘሎ ፀገም ክስዕሮ ይኽእል 'ዩ:: ብሓፈሻ ጉዳይ ፀገም ህዝቢ ክፍታሕ ዝኽእል ህዝብኻ ኣታሓባቢርካ ብምስራሕ እምበር ወግሐ ፀብሐ ግዜኻ ኣብ ኣኼባ ብምሕላፍ ኣይኮነን:: ብኣኼባ ዝዓበየት ዓዲ ወይ ሃገር የላን:: ዝተማህረ ህዝቢ ሒዝካ ሓገዝ ተፀባዩ ከትኸውን ኣዝዩ መሕፈሪ 'ዩ::

> ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ከምዘለዎ ኮይኑ መብዛሕትኡ ሓይልና ግና ኣብ ልምዓት ብምውዓል ሱር በቐስ ኢኮኖሚያዊ ልውጢ ንምምፃእ ኩልና ብሓባር ከንለዓል ይግባእ

ፀገም መነባብሮ ህዝቢ ክቕየር እንተኾይኑ ኣብዘላቒ ፍታሕ ቖላሕታ ገይርና ንስራሕ:: ኩሉ ግዜ መንግስቲ ወይ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ተሸኪመናኻ ክነዓዛ ኣይኽእላን:: ዘለካ መማረፂ ሓንትን ሓንትን 'ያ:: ንሳ 'ውን ተፈጥሮ ሃፍቲ ናብ ጭቡጥ ኩነታት ኣጣቓቕማ ምቕያር 'ዩ:: ነዚ ድማ ቆራፅነት የድሊ:: ከልምዕ ዝኽእል ህዝቢ ሒዝካ ልመና ኣየድልን:: ስለዚ ንፁር ኣሳራርሓ ዘርጊሕኻ ህዝብኻ ኣታሓባቢርካ ዘለካ ዓቕሚ ተጠቒምካ ናብ ልምዓት ምእታው 'ዩ:: በርግፅ ምስቲ ዝነበረ ኩናት ብዙሕ ጉድኣት ወሪዱ 'ዩ:: ዋላ ይኹን እምበር ቅድሚ ኩናት 'ውን እዚ ዝበሃል ልምዓት ኣይነበረን:: ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ሶፍቲኔት ተጠሚሩ ነይሩ 'ዩ:: ስለዚ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ከምዘለዎ ኮይኑ መብዛሕትኡ ሓይልና ግና ኣብ ልምዓት ብምውዓል ሱር በቐስ ኢኮኖሚያዊ ልውጢ ንምምፃእ ኩልና ብሓባር ከንለዓል ይግባእ::

# እዋናዊ ዛዕባ

## መንነትኻ ተረዲእኻ ንኻልኦት ንምርዳእ ዝዓለመ ሃገራዊ ፃውዒት

**መሰረት ገብረዮሃንስ**




ኢትዮጵያ ብዙሓት ሃይማኖታውን ባህላውን ባዓላት ዝኽበረላ ሃገር 'ያ:: ኣብዚ ትርኢት ብዙሓት ናይ ህዝብታት ነበራት ስልጣነታት ዘርእዩ፤ መሰረት ታሪኽ ዘንፀባርቑ ሃፍትታት ብብዝሓት ዝንፀባረቑ 'ዮም:: ኢትዮጵያ ብተፈጥሮ ብባህሊ ፣ብስነፅሑፍ፣ ውፅኢት ጥበብ፣ ብቕርሲ ዝተዓደለት 'ያ:: ናይ ብዙሕ ቱሪዝም መስሕብ ዝርከበላ ሃገር 'ውን ከምዝኾነት ዝሕብሩ ብዙሓት ሓበሬታታት ኣለዉ:: ሰለስተ ሽሕ ዘመናት ዝተሳገረ ታሪኽን ናይ መስሕብ ሃፍቲ ሎሚ 'ውን ግልፂ ብዝኾኑ መረዳእታት ብኽብሪ ተቐሚጦም 'ዮም::

እዚ ሃፍቲ ናብ መስሕብ ቱሪዝም ንምቕያርን ካብዚ 'ውን ተረባሒ ምስ ምኳን ተተሓሒዙ ገና ብዙሕ ስራሕቲ ትፅቢት ይግበር:: እዚ ሃፍቲ ንማሕበረሰብ ዓለም ቅድሚ ምፍላጥ ዜጋታት ብፍላይ ሓድሽ ወለዶ እዚ ሃፍቲ ብዝግባእ ንክፈልጥን መሰረት መንነቱ ንክግንዘብ ኣብ ምግባር ክስራሕ ይግባእ::

ባዓል ገዝኡ ዘየኽበሮ ንብረት ከምዝባሃል ናይ መንነትና መሰረት ዝኾነ ኢትዮጵያ ዝተብሃልናሉ ፍልፍል ኩርዓትና ዝኾነ ታሪኽ፣ ባህሊን መስሕብ ሃፍትን ኹላትና ብደንቢ ክንፈልጥ ይግባእ:: እዚ ክኾን ከሎ 'ዩ ኽሳድና ቅንዕ ኣቢልና ፣ብድፍረትን ፍልጠትን ዝተረፈ ማሕበረሰብ ዓለም «ተኣንገዱልና» ክንብል እንኽእል::

ኣብ ቀረባ እዋን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ትኹረቱ ብምግባር እናሰርሐ ይርከብ:: ብፍላይ ኢትዮጵያውያን ሃገሮም ንክፈልጡ እናበረታተዐ ይርከብ:: ናይ ባዕልና ታሪኽን ተፈጥሮ መስሕብን ብምፍላጥ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ብምምፃእ እዚኦም ሃፍትታት ዑደት ንክገብሩ፤ ጥብቂ ርክብ ንክህለዎም እናገበረ 'ዩ:: ነዚ ድማ ሚኒስተር ቱሪዝም «ኢትዮጵያ ክፈልጠኪ» ዝብል መርህ ቀሪፁ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን ሃገሮም ንክፈልጡ ጎስጓስ እናገበረ 'ዩ::

ብፍላይ ብቀዳማይ ሚኒስትር ትውልደ ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ንክኣትዉን ባህሎምን ታሪኾምን ምትእስሳር ንክፈልጡ ፃውዒት ብምግባር ቅድሚ ኸዚ ዝነበረ ናይ ዑደት ርክብ መስመር ንምጥንኻር ፃዕሪ እናገበረ 'ዩ::

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝነብሩ «ትውልደ ኢትዮጵያውያን» ናብ ሃገሮም ንክመፁን ምስ ታሪኽ፣ ባህልን መንነቶምን ምትእስሳር ንክፈጥሩ ፃውዒት ቖሪቡ 'ዩ:: ሚኒስተር ቱሪዝም 'ውን እዚ ኣመልኪቱ እዞም ኢትዮጵያውን ናብ ሃገሮም ንክመፁን ዝተትሓዘ መርሃ ግብሪ መብርሂ ተዋሂቡ 'ዩ:: ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ንዝተገበረ ፃውዒት ዝተጣየሸ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ብኣካቢነት ዝመርሖ ሚኒስትር ሚኒስቴር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ንጋዜጠኛታት ከምዝበለኦ፤ «ናብ ትውልዲ ስፍራኹም ተመለሱ» ዝብል ስም ዝተውሃቦ ካልኣይ ወለዶ ፃውዒት ኢትዮጵያውያን ብሰለስተ ዙር ዝካየድ 'ዩ:: ግዜ ዕረፍቶም ስዒቡ ኣብ ሰለስተ ዙር ዝተኻየደ ፃውዒት ካብ 20 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ክሳብ መስከረም 2017 ዓ.ም መጨረሻ ከምዝካየድ ተፈሊጡ 'ዩ::

በዚ መሰረት ድማ ፈላማይ ዙር ምስ ብዙሕ መሰረት ባህሊ (Connect to Culture) ንክራኸቡ ፃውዒት ዝቐረበ እንትኾን ካብ ታሕሳስ 20 ክሳብ 30 ዝካየድ 'ዩ፤ ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ብምእታው ዝተሰርሑ ስራሕቲ ንክዕዘቡን ዑደት ንክገብሩን ዝዓለም 'ዩ:: እዚ ድማ ብክርስትና እምነት ተኸተልቲ ናይ ልደትን ጥምቀትን ዝኽበረሉ እዋን ብምኳኑ ነቲ መርሃ ግብሪ ተግባራውነት ንክኾን ምቹው ግዜ 'ዩ:: ኣብ ናይ መጀመርያ ዙር ናይ ኢትዮጵያ ሰሙን ዝብል መርሃግብሪ ከምዝካየድን ድምፅታት ኢትዮጵያ ብዝሃነትን ዝገልፁ ተግባራት ከምዝህልው 'ውን ተፈሊጡ 'ዩ::

ካልኣይ ዙር ዝካየድ ትውልደ ኢትዮጵያውያን መርሃ ግብሪ ድማ መሰረት ታሪኾም ይፍለጡ (Connect to History)" ዝብል 'ዩ:: እዚ መርሃግብሪ ካብ ለካቲት 20 ክሳብ ሚያዝያ 30/2016 ዓ.ም ከምዝካየድ ተገሊፁ 'ዩ:: ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ኣብ ሃገሮም ተረኺቦም ታሪኾም ዝርድእሉን ዝፍለጥሉን ከምዝኾን፤ ብፍላይ ምስ ባዓል ዓድዋ ዝተተሓሓዘ ታሪኾም ንክፈልጡ ዝሕግዝ 'ዩ ::

**እዚ ስዒቡ ድማ ኣብ ዝተፈለላዩ ክልላት 'ውን እዚ ዕብየት ቱሪዝም ንክዓብን እቲ ሃገርካ ምፍላጥ ጎስጓሱ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ንክኸውን እናተሰርሐ 'ዩ**

ሳልሳይ ዙር «ኣሰሮም የንብሩ ግዜ ዕረፍቶም የጠዓዕሙ» ዝብል ስም ዝተውሃቦ እንትኾን ካብ 10 ሰነ ክሳብ 20 መስከረም 2017 ዓ.ም ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ክፍሊ ማሕበረሰብ ዲያስፖራ ሃፍቲ ሃገር ዑደት ብምግባር፤ ኣብ መዛናግዒ ቦታታት ግዜ ዕረፍቶም ብምሕላፍ ፃንሒት ከምዝገብሩ ኣፍሊጠን 'የን::

ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝነብሩ ካልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ፃውዒት ዝተገበረሉ ምኽንያት ፍቕሪ ሃገሮም ንክጥንክር ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር 'ውን ንክጥንክር ንምኽኣል 'ዩ ክብላ እተን ሚኒስትር ኣፍሊጠን እየን:: ፃውዒት ተቐቢሎም ናብ ሃገሮም ንዝመፁ እዞም ኢትዮጵያውያን ብናይ ኢትዮጵያ ኣየር መንገድ ትኬት ቅነሳ ከምዝግበረሎም ተገሊፁ 'ዩ:: ሆቴላት ትካላት ዑደት ኣካየድቲ፤ ኣቕረብቲ ግልጋሎት ትራንስፖርት ፍሉይ ምቕናስ ዋጋ ገይሮም ንምትእንጋድ ከምዝተዳለዉ ተዛሪበን 'የን:: ብፍላይ ናብ ሃገር ውሽጢ ኣብ ዝኣትዉሉ እዋን ምንግልታዕን ኣድላይ ዘይኾኑ ነገራት ከይገጥሞም ዝተቐላጠፈ ግልጋሎት ጉምሩክን ኢሚግሬሽን ንምሃብ ዘኽእሉ ኩነታት ከምዝተመቻቸዉ 'ውን ገሊፀን 'የን::

ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝነብሩ እዞም ትውልደ ኢትዮጵያውያን ምስ ሃገሮም ንክቀራረቡ ስራሕቲ ክሰርሑ ፀኒሖም 'ዮም፤ ዝበላ እተን ኣምባሳደር ቅድሚ ሕዚ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ፃውዒት ቀሪብሎም ናብ ኢትዮጵያ ከምዝመፁ ኣዘኪረን እየን:: ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ወፃኢ ሃገር ተረኺቦም እዞም ማሕበረሰብ ክፍልታት ብምርካብ ዘተ ከምዘካየዱን ካብዚ ዝተልዓለ ምልዕዓል ተፈጢሩ ትውልደ ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ብምምፃእ ምትእስሳር ተፈጢሩ 'ዩ ኢለን::

ከም ገለፃ እተን ሚኒስትር፣ ቅድሚ ኸዚ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ንክመፁ ምግባር ተኻኢሉ 'ዩ:: ኾይኑ ግና ቕብብል ወለዶ ግድን ብምኳኑ ካልኣይ ወለዶ ዲያስፖራ ትኹረት ምግባር ኣድላይ ኾይኑ 'ዩ:: በዚ ድማ ንሳቶም ናብ ሃገሮም ንክመፁ ምእንጋድን ምስ ናይ ወለዶም ሃገር፣ ባህሊ ታሪኽን ምፍላጥን ጥብቒ ምትእስሳር ንክህልዎም ምግባር ኣድላዩ 'ዩ:: እዚ ምግባር እንድሕር ዘይተኻኢሉ ኣብ መንጎ ወለዶ ቅብብል ንከይህሉን ክፍተት ንክፍጠር ምኽንያት ዝኾን 'ዩ::

እዚ ሃገራዊ ፃውዒት ዝርዝር ዕላማ ከምዘለዎ ተገሊፁ 'ዩ:: ኣብ መንጎ ወለዶ ድልድይ ምህናፅ ዓብይ ትኹረት ዝተውሃቦ ጉዳይ 'ዩ:: ኣብ መንጎ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን ዘሎ ክፍተት ንምፅባብ ከምኡ 'ውን ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ዜጋታት ምስ ኢትዮጵያ ባህሊ፣ ታሪኽ፣ልምዲ ዝተፈላለዩ ፀጋታት ንከይረሓሓቑ ምግበር ኣድላይ ከምዝኾነ ኣልዒለን እየን:: ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ከምዚ ዓይነት ተመሳሳሊ ልምዲ ከምዘሎን፤ ከም እስራኤልን ቻይናን ዝኣመሰሉ ሃገራት ከምዚ ዓይነት ፕሮግራም ብምቕራፅ ወለዶ ምስ ሃገሩ ጥብቒ ዝኾነ ርክብ ንክህልዎም ምግባሮም ተረባሕቲ ከምዝገበሮም ገሊፀን::

ትውልደ ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ንክመፁ ዕላዊ ፃውዒት እንትገብር እዚ ናይ መጀመርታ ኣይኮነን:: ቅድሚ ኸዚ ብምኽንያት ኮቪድ ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ዝፈጠሮ ፅዕንቶ ንምንቅቃሕ ከምኡ 'ውን ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ዜጋታት ምስ ሃገሮም ዝጠበቐ ርክብ ንክህልዎም ንምኽኣል ዝዓለመ ናብ ሃገሮም ንክኣትዉ ፃውዒት ተገይሩ ነይሩ:: በዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኽበሩ ዓመታዊ ሃይማኖት ባዓላት፤ ባህላዊ ፌስቲቫል ትውልደ ኢትዮጵያውያን ንክመፁ ተገይሩ ነይሩ:: ሓደ ሚልየን ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ብምእታው ኣጋርነቶም ኣሪኦም 'ዮም:: ኣብቲ እዋን ድማ ብዙሓት ቅድሚ ኸዚ ናብ ዘይፈልጥዎም ቦታታት ኸይዶም ባህሊ፣ ታሪኽ ተፈጥሮ ምርኣይን ስለ ሃገሮም እኹል ፍልጠት ክረኽቡ ተገይሩ 'ዩ:: ግዜ ዕረፍቶም ብምዝንጋዕ ምስ ወገኖም ብምኳን ኣሕሊፎም 'ዮም:: ናብ ዝመፅዎ እንትምለሱ ድማ ንዝተረፈ ዓለም ኢትዮጵያ ብኣንባሳደርነት ወኪሎም ኣፍሊጦም 'ዮም::

በዚ ስራሕ ንብዙሓት ዕድል ስራሕ ካብ ምፍጣር ብዝዘለለ ዝተዘሓሓለ ዘፈር ቱሪዝም ዳግም ንክላዓል ዓብይ ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ:: ነዚ 'ውን 'ዩ ቅብብል ወለዶ ንምቕፃልን ትውልደ ኢትዮጵያውያን ናይ ርሕቐት ስሚዒት ንከይስመዖም እዚ ንቐፃሊ 'ውን እዚ ፃውዒት ንክቕፅል ዝተደለየ:: ኢትዮጵያውያን ፀላኢ ብሓድነት ኣውዲቖም ልኣላውነቶም ንምኽባር ብሓባር ጠጠው ዝብሉ ከምዝኾኑ ኣብዚ ሃገሮም መጺኦም ካብ ዓወት ዓድዋ ታሪኽን ካልኦት ሃፍቲ ታሪኻት 'ውን ክግንዘቡ ኣለዎም ዝብል እምነት ኣለና:: ንሶም 'ውን ናይዚ ታሪኽ፣ ባህልን ሃገርን ባዓል ዋና ስለዝኾኑ እዚ ንክፈልጡ እዚ ሃገራዊ ፃውዒት ብጣዕሚ ኣድላይ ከምዝኾነ እሙን 'ዩ::

እዚ ስዒቡ ድማ ኣብ ዝተፈለላዩ ክልላት 'ውን እዚ ዕብየት ቱሪዝም ንክዓብን እቲ ሃገርካ ምፍላጥ ጎስጓሱ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ንክኸውን እናተሰርሐ 'ዩ:: በዚ መሰረት ድማ ብምኽንያት ኹናት ተሃስዩ ዝነበረ ቱሪዝም ክልል ትግራይ ዳግም መጀመሪ መርሃ ግብሪ ኣብ ከተማ መቐለ ተሳሊጡ 'ዩ:: ንዓመታት ተቛሪፁ ዝፀንሐ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ንምጅማር ኣብቲ ክልል በቲ ዘፈር ዝተዋፈሩ ሰብ ግደ ኣካላት ዘሳተፈ ዕላዊ መጀመሪ ቱሪዝም መርሃ ግብሪ ኣብ ክልል ትግራይ ከተማ መቐለ ከምዝተሳለጠን እዚ ድማ እቲ ፃውዒት ስዒቡ ትውልደ ኢትዮጵያውያን ናብ ትግራይ ብምኻድ ታሪኻዊ ቦታታት ዑደት ብምግባርን ኣብ ምንቅቃሕ ቱሪዝም ናይ ባዕሎም ግደ ክፃወቱ 'ዮም ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር::

ኣብቲ መርሃ ግበሪ መኽፈቲ መደረ ዝገበሩ ሓላፊ ቢሮ ቱሪዝም ክልል ትግራይ ዶክተር ኣፅብሃ ገብረእግዚኣብሔር ከምዝበልዎ ፤ ኣብቲ ክልል ብዝዓሰለ ኣንፃራዊ ሰላም መስሕብ ቱሪዝም ዝኾኑ ቦታታት ካብ ዝኾነ ዓይነት ስግኣት ነፃ ምኳኖም ንዘፈር ቱሪዝም ፅቡቕ ዕድል ፈጢሩ 'ዩ ኢሎም። ካብ በዓል ኣሸንዳ ጀሚሩ ቱሪስታት እናመፁ ዝነበሩ እንትኸውን እኹል ምድላው ብምግባር ናይቲ ክልል ዘፈር ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ዘኽእል ስራሕቲ እናተሰርሑ ከምዝኾኑ ኣብሪሆም 'ዮም። ሚኒስቴር ቱሪዝም ዘዳለዎ መጀመሪ መርሃ ግብሪ ካብ 18 ክሳዕ 21 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ኣብ ከተማ መቐለ ከምዝተኻየደ ዝዝከር 'ዩ:: እዚ ድማ ኣብ ምንቅቃሕ ቱሪዝም እቲ ክልል ዓብይ ለውጢ ከምፅእ ከምዝኽእል ይግመት::

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ጋህዲ ዝገብር ስምምዕነት ምፍርራሙ ታሪኻዊ ምዕራፍ ’ዩ ››

*- መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ*

**መኣርግ ገ/ሄር**

*መመህር ግርማይ ገብረፃድቕ ኣብ ትግራይ ዞባ ምብራቕ ዓጋመ ከተማ ዓድግራት ተወሊዶም ዝዓበዩ 'ዮም:: ካብ ቐዳማይ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም 'ውን ኣብ ከተማ ዓዲግራት ወዲኦም:: ኣብ ዘመነ መንግስቲ ሃይለ ስላሴ ንፉዕ ተማህራይ ብምንባሮም ናብ ኣዲስ ኣበባ ከኸዱ ተገይሩ ብዲፕሎማ ተመሪቖም:: ዲፕሎማ ኣብቲ እዋን ኣዝዮም ብሉፃት (ቶፕ) ተማህሮ 'ዮም ዝኣትውዎ ነይሮም:: ምስ ተመረቑ ናብ ትግራይ ተመሊሶም ኣብ ወረዳ ሳሕርቲ ሳምረ ሓደ ዓመት ምስ ሰርሑ ካብኡ ተቐይሮም ናብ እንትጮ ከይዶም ሰለስተ ዓመት ኣብ እንትጮ ድሕሪ ምስርሖም እንደጋና ናብ ዓድግራት ተመሊሶም ኣብቲ ዝተማሃርሉ ቦታ ክልተ ዓመት ሰሪሖም:: ካብኡ ቐፂሉ ኣብ ባህርዳር ብዩኤንዲፒ ዝማሕደር ኮሎጅ ነይሩ ናብዚ ኮሎጅ እዚ ካብ ትግራይ ምስ ካልኣዮም ተመሪፆም ከይዶም ብፔዳጎጂካል ሳይንስ ተመሪቖም ወፂኦም:: ካብኡ ምስ ወፁ 'ውን ኣብ ወለጋ ነቐምቲ ሓደ ዓመት ኣብናይ ቲታኤ ኮሎጅ ዘምሃሩ እንትኾኑ ካብኡ ብምቕፃል ናብ ኤርትራ ክፍለ ሃገር ተዛዊሮም ናብ ከባቢ ክልተ ዓመት ብመምህርነት ምስ ኣምሀሩ ብዝነበሮም ብቕዓትን ክእለትን መሰረት ብናይ መንግስቲ ድሌት ኣብ ኤርትራ ክፍለ ሃገር ናይ ሕዚ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ማስታወቕያ ሚኒስቴር ኣብ ሚድያ ‹‹ኢትዮጵያ›› ዝብል ብኣምሓርኛ ዝፀሓፍ ዝነበ ጋዜጣን ‹‹ሕብረት›› ዝብል ብትግርኛ ዝፀሓፍ ዝነበረ ጋዜጣን ሰሪሖም 'ዮም:: ከምኡ 'ውን ኣብ ናይ ኢህአዴግ ዘመን ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሶም ኣብ ናይ ስፖርት ኮሙሽን ላዕለዋይ ኤክስፐርት ኮይኖም 14 ዓመት ሰሪሖም:: ድሕሪ እዚ ገና ንሃገሮም ብዙሕ ክሰርሑ እናኽኣሉ እናሃለዉ ብመንግስቲ ብዝመፀ መምርሒ መሰረት ብጥሮታ መልክዕ ተገዲዶም ክወፁ ተገይሩ:: ካብዚ ምስ ወፁ ግና ኮፍ ኣይበሉን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ኮሎጅ ባዮ ሜዲካል ሳይንስ ሕክምና 12 ዓመት ኣምሂሮም 'ዮም:: ብሓፂሩ መምህር ግርማይ በፍልጠት ዕድመ ፀገብ ኮይኖ ክሳብ ጥሮታ ዝወፁ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ብፍላይ ኣብ ታሪኽን ማሕበራዊ ጉዳያትን ብቕንዕናን ህርኩትነትን ዘገልገሉን ፈታዊ ሃገሮምን 'ዮም:: ኣዝዮም ተፈተውቲ ዝኾኑ ናይ ደገ ፊልምታትን መፃሕፍትን 'ውን ብናይ ውሽጢ ቛንቛ ናብ እስቶሪ እናቐየሩን እናተርጎሙን ወለዶ እናተዛናገዐ ቁምነገር ክጭብጥ ገይሮም 'ዮም:: ከምኡ 'ውን ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ብምፅሓፍ ንንባብ ኣብቒዖም 'ዮም:: ብዛዕባ ታሪኽ መምህር ግርማይ ብሓፂሩ ከምዚ ካብ በልና ኣብ ናይሎሚ ሕታምናጋዜጣ ወጋሕታ ብዛዕባ ሕቶ በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ምስ ታሪኽ ብምትሕሓዝ ሓበሬታ ንኽህቡና ብዝጋበዝናዮም መሰረት መብርሂ ሂቦምና ኣለዉ:: ሙሉእ ትሕዝቶ እቲ መብርሂ ድማ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና:: ሰናይ ንባብ::*

**ወጋሕታ፡- ኣፍ ደገ ባሕሪ ምስ ታሪኽ ተተሓሒዙ ንኢትዮጵያ ዘለዎ ትርጉም ከመይ ይገልፅዎ? ከምኡ ‘ው በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናወሰኸ ምስ ዝኸድ ዘሎ ኩነታት ተተሓሒዙ ጠለብ ኢኮኖሚ ኣብ ግምት ዘእተወ በሪ ባሕሪ ዘድልያ ምኻኑ መብዛሕትኡ ዝስማዕመዐሉ ጉዳይ 'ዩ:: ንሶም ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶ እንታይ ይመስል?**

**መምህር ግርማይ፡**- ብታሪኽ ንምጅማር ዝኣክል ደጃዝማች ሰብኣጋድስ ወልዱ ናይ ትግራይ ወይ ናይ ሰሜን ገዛኢ ዝነበሩ ወትሃደር ንባፅዕን ዓሰብን እናሰደዱ ይሕልውዎ ነይሮም 'ዮም:: ደጃዝማች ሰብኣጋድስ ንባሕሪ እንታይ ይብልዎ ነይሮም፣ ባሕሪ ማለት ሳንባ 'ዩ:: በሪ ባሕሪ ማለት ልክዕ ከምሳንባ ማለት 'ዩ:: ሳንባ እንተደሊኻ ንደጋ ተተንፍሰሉ ወይ ንውሽጢ ኣየር ትስሕበሉ:: ስለዚ ኣፍደገ ባሕሪ 'ውን ተደሊኻ ንደገ፣ ተደሊኻ ንውሽጢ ተውፅኣሉን ተእትወሉን ’ዩ:: ኢትዮጵያ ን500 ዓመት ዝኣክል በሪ ባሕሪ ነይርዋ 'ዩ:: ካብዚ 'ዩ ዝጅምር እቲ ታሪኽ:: እኒ ሃፀይ ዮሃንስ ንቐይሕ ባሕሪ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊሎምሉ 'ዮም:: ብሓፈሻ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊሉሉ 'ዩ:: ታሪኽ ትሕዝቶን ኣጣቓቕማን በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ብዙሕ ትርጉም 'ዩ ዘለዎ::

ራእሲ ኣሉላ ቕድሚ ኩናት ዓድዋ ኣብ ደጉዓሊ ንጣልያን ስዒሮሞ 'ዮም:: እዚ 'ውን ዓብዪ ኩናት 'ዩ ነይሩ:: ኣብ ውሽጢ ሳላሳ ደቒቃ 500 ጣልያናውያን ወትሃደራት ብምቕታል ስዒሮሞም 'ዮም:: መላሲ ወረ ዘይብሎም ኣቕሬሞም 'ዮም:: ኣብ 1884 ዓ.ም ክሳብ 1885 ዓ.ም ብዝነበረ እዋን ኣውሮፓውያን ንኣፍሪካ ንምቕርማት ኣብ በርሊን ዋዕላ ገይሮም ነይሮም:: ኣብ ዝተስማዕምዕሉ 'ዩ ጣልያን ንኢትዮጵያ ወሪሩ ነይሩ:: ኣብቲ እዋን ንምክፍፋል ተዋዓዒለን ነይረን:: ጣልያን ናፃ ዓዲ ረኺባ ንኢትዮጵያ ከትገዝእ መፂኣ ራእሲ ኣሉላ ድማ ከምቲ ዝበልኩኻ ናይ ሓማሴን ገዛኢ ነይሮም፣ ኣብ ውሽጢ ሳላሳ ደቒቓ 500 ወትሃደር ጣልያን ብዘይ ነጋሪ ወረ ወዲኦሞም ነይሮም:: ስለዚ እቲ ዓብዪ ዓወት ዝጅምር ኣብ ቐይሕ ባሕሪ 'ዩ::

ካብዚ ቐፂሉ ናይ ኩናት ዓድዋ 'ዩ ዝመፅእ:: ብዛዕባ ኩናት ደጉዓሊ ግና ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዙሕ ኣየልዕሎን:: መብዛሕትኡ እታ ዝፈልጣ ብዛዕባ ኩናት ዓወት ዓድዋ 'ዩ:: ድሕሪ ከባቢ 7ዓመት ’ዩ ኩናት ዓድዋ መፂኡ ኢትዮጵያ ድማ ከትዕወት ክኢላ:: ኣብ ርእሲ ጣልያን ተደጋጋሚ ዓወት ኣመዝጊባ 'ያ:: ጣልያን ድሓረ ዝመፀ ናይ ደጉዓሊ ሕነ ንምፍዳይ 'ዩ:: ስለዚ ቐይሕ ባሕሪ ክሳብ ቀረባ ግዜ ናይ ኢትዮጵያ ባሕሪ ነይሩ 'ዩ:: ማለት ናይ ኢትዮጵያ ወሰን ኮይኑ ኣገልጊሉ 'ዩ:: ብፍላይ ዓሰብን ባፅዕን እዚኦም ንኢትዮጵያ ይግብኡ 'ዮም ተባሂሎም ብሕቡራት መንግስታት ዝተወሰነ ውሳነ 'ዩ ነይሩ:: ካብኡ ድሓረ ጣልያን 'ውን ሒዝዋ ነይሩ 'ዩ::

ደርጊ ክሳብ ዝወድቕ ናይ ኢትዮጵያ ኣካል 'ዩ ነይሩ:: ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ከትስእን ዝኸኣለት ኣብ ቐረባ ግዜ ብዝተፈጠረ ስሕተት 'ዩ:: ኣብዚ ኩሉ ፀገም ከንኣቱ ዝኸኣልና በዚ ስሕተት 'ዩ:: ስለዚ ናይ ኢትዮጵያ ነገስታት ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ባሕሪ 'ዩ ነይሩ ቐይሕ ባሕሪ:: ብዙሓት በሪ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ኣለዋ:: ነዚኣን 'ውን መውፅኢ የድልየን 'ዩ ተባሂሉ ዝተፈቐደለን ዓድታት ኣለዋ:: እዚ ሰብ ሞያ ሕጊ ይፈልጥዎ 'ዮም:: ኣብ ከይዲ ታሪኽ ከምዚ ዓይነት ክፍጠር እንተሎ ኣዝዩ ዘሕዝን ’ዩ:: ኢትዮጵያ ልዕሊ 120 ሚልዮን ህዝቢ ሒዛ እሞ ድማ ናብ ባሕሪ ቀረባ እንዳሃለወት ከትዕፆ ኣይግበኣን:: ኣይግበአክን ከትብላ ’ውን ኣይትኽእልን:: ታሪኻዊ ስሕተት ተፈፂሙ ባሕሪ ስለዘይብልና 'ዩ ኣብ ድኽነት ንነብር ዘለና:: ንበሪ ባሕሪ ብዙሕ ብር እናኸፈልካ ድኽነት ከትቀርፍ ኣይትኽእልን:: ዓለም 'ውን ልዕሊ 120 ህዝቢ ሒዝና ኣይግበአኩምን ትብል ኣይመስለንን:: እኒ በዓል ዓሰብ ብስሕተት ከይዶም እምበር ናይ ኢትዮጵያ 'ዮም ነይሮም:: እንድያውም ኣዝዩ ደንጉዩ 'ዩ ሕዚ ኣይኮነን ክለዓል ነይርዎ:: ቅድም ኢልካ ክለዓል ዝነበሮ ጉዳይ 'ዩ:: ኣድላይነቱ ግና ዘጣራጥር ኣይኮነን:: እዚ ሕቶ እዚ ትኽክልን ሕጋዊን 'ዩ::

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ኣብዚ ሰሙን እዚ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ምስ መንግስቲ ሶማሊላንድ ተፈራሪማ ኣላ:: እዚ ካብ ረብሓ ባዕላ ሓሊፉ ነቲ ዞባ ሰላምን ዕቤትን ወሳኒ ‘ዩ ዝብሉ ሙሁራት ኣለዉ:: ኣብዚኸ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም?**

**መምህር ግርማይ፡**- እዚ ምንም ዘጣራጥር የብሉን ሓቒ ’ዩ:: ኢትዮጵያ ብሰንኪ በሪ ባሕሪ ዘይምህላዋ ዕቤትን ምርግጋፅን እንተዘይሃልይዋ እቲ ፀገም ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ነቲ ዞባ ’ውን ዝፀሉ ’ዩ:: ንኣብነት ሱማልያ ከንወስድ ንኽእል ኢና ኣደዳ ሽፉቱ ’ያ ኮይና ዘላ:: ኢትዮጵያ እንተዓብያን ወናኒት በሪ ባሕሪ እንተኾይናን ካብ ባዕላ ሓሊፉ ነቲ ዞባ ሰላምን ልምዓትን ንምርግጋፅን ኣዝዩ ወሳኒ ’ዩ:: ኣብቲ ባሕሪ ዘጋጥሙ ዘለዉ ፀገማት ሰላምን ፀጥታን ብሓባር ንምሕላው ዝጠቅም 'ውን ’ዩ:: ለማቕነ ኣብኒ የመን ዝፍጠር ዘሎ ስራሕ ሽፉቱ ምርኣይ ይከኣል ’ዩ::

ብፍላይ ኣብ ቐርኒ ኣፍሪካ ዘለዋ ሃገራት በሪ ባሕረን ሰላሙን ፀጥትኡን ዝተሓለወ እንተዘይኮይኑ ንኢትዮጵያን ነተን ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ ሃገራትን ኣዝዩ ዝፀልው 'ዩ:: ኣብቲ ከባቢ ናይ ፀጥታ ፀገም እንተጋጢሙ ብምዕራብ ኣፍሪካ ጌርካ ብደቡብ ኣፍሪካ ገይርካ ከትመፅእ እንተኾይንካ ድማ ኣዝዩ ርሕቐት ስለ ዘለዎ ብኢኮኖሚን ግዜን ዘዋፅእ ኣይኮነን:: ኣዝዩ ከቢድ 'ዩ:: ክፍሊት ከቢድ 'ዩ:: ብመንፅር ግዜ እንተሪእኻዮ 'ውን ናይ በዓሉ ፀገም ኣለዎ:: ኣብዝሓፀረ ግዜ ኣይበፅሕን::

ስለዚ እቲ ኻባቢ ሰላምን ፀጥታን እንተዘይረኺቡ ንኹለን እተን ሃገራት ዝፀልው ’ዩ:: ኣብዚ ኢትዮጵያ ተሳታፊት ክትኸውን ኣለዋ:: ኢትዮጵያ ሰላምን ፀጥታን ናይ ምኽባር ታሪኽ ኣለዋ:: ኣብ ዓለም ዝተፈለጠን



> **ኢትዮጵያ ኣብዚ ሰሙን እዚ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ ንምጥቓም ምስ መንግስቲ ሶማሊላንድ ምፍርራማ ካብ ረብሓ ባዕላ ሓሊፉ ነቲ ዞባ ሰላምን ዕቤትን ወሳኒ ’ዩ**

“ድሌት በሪ ...ናብ ገፅ 6

# ‹‹ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ጋህዲ...

ዝተደነቐን ሰላም ናይ ምኽባር ብቕዓትን ታሪኽን ኣለዋ:: ሰራዊት ኢትዮጵያ ናብ ኮርያ ወፊሩ ሓደ ወታደር እንተይተማረኾ ናብ ዓዶም ተመሊሶም 'ዮም:: ኣብ ኮንጎ 'ውን ዓብዪ ዕግርግር ነይሩ ናይ ኢትዮጵያ ወትሃደር ተላኢኹ ብብቕዓት እጃሙ ተዋፂኡ 'ዩ:: ከምኡ 'ውን ነቲ ኣብ ኮንጎ ናይ ሕቡራት መንግስታት መኸበሪ ሰላም ዝነበረ ጠቕላላ መራሒ ዝነበሩ ብርጋዴል ጀነራል ከበደ ገብሬ ዝበሃሉ ኢትዮጵያዊ ሓለቓ 'ዮም ነይሮም:: ኣብ ሱማልያ 'ውን ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ግደ ዝፍለጥ 'ዩ:: ኣብነ ሩዋንዳ ቡርንዲ 'ውን ሳለም ኣብ ምኽባር ተመሳሳሊ ታሪኽ 'ዩ ዘለዎ:: ኢትዮጵያ ኣብ ምብራቅ ኣፍሪካ ወሳኒ ግደ ኣለዋ 'ዩ:: ስለዚ ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ዓብዪ ሰላምን ፀጥታን ናይ ምኽባር እጃም ከትፃወት ትኽእል ምኳና ዘጣራጥር ኣይኮነን:: ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ኣብ ምፍርራም ምብፅሓ ኣዝዩ ታሪኻዊ ዕለት 'ዩ:: እዚ ንጠቕላላ ሰላምን ፀጥታን ምስፋን ቐርኒ ኣፍሪካ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ:: ጥቕሙ ንኹለን ሃገራት 'ዩ:: ክዓብያ ዝኽእላ 'ውን ብምድግጋፍ እምበር ብተናፀል ኣይኮናን::

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ንምርካብ ዝኸደቶ ክያዶ ከመይ ይገልፅዎ?**

**መምህር ግርማይ፡-** ኢትዮጵያ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ዝኸደቶ ክያዶ ከንርኢ እንተለና ሰላማዊ፣ ዲፕሎማስያዊ ብፍላይ ሂብካ ምጥቃም ዝብል መትከል ምኽታላ ኣዝዩ ዝነኣድ ኣካይዳ 'ዩ ነይሩ:: ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ዓድታት ንበዓለን ክብላ ማለት ባሕርታተን ከይስእና ክብላ ዝቓወመኦ ኣለዋ እዚ ግን ኢትዮጵያ ምስ እቲኸዶ ዘላ ኣካይዳ ሓቢሩ ዝኸድ ኣይኮነን:: ናይ ኢትዮጵያ ድሌት ሓቢርካ ተደጋጊፍካ ምዕባይ 'ዩ:: እዚ ድማ ንኹሉ ዝጠቕም 'ዩ::

ኢትዮጵያ ሰላም ኣብ ናይምኽባር ዘለዋ ግደ እንትረአ እንተሎ ቐሊል ዘይበሃል ግደ ከትፃወት ትኽእል 'ያ:: እቲ ኸባቢ ሰላሙን ፀጥትኡን ሕልው ክኸውን ኢትዮጵያ ልዑል ግደ ከምትፃወት ዘጣራጥር ኣይኮነን:: ምኽንያቱ ብዙሕ ልምድን ታሪኽን ዘለዋ ሃገር 'ያ:: ኣነ ብዛዕባ ናይ ዓሰብ ብኣምሓርኛ ሓደ ፅሑፍ ፅሒፈ ነይረ:: ንሱ እንታይ ይብል እንተይልና ‹‹ታሪኻዊ ስሕተት ናይ ሱልጣን ኢብራሂም ከይድግም›› 'ዩ ዝብል:: ከምዚ ኢለ ዝፀሓፍክዎ መፅሓፍ ነይሩኒ:: ሓደ ሓደ ላንድ ሎክድ ዝኾና ሃገራት ኮሪደር የድየን 'ዩ ተባሂሉ ዝተዋሃበን ኣለዋ::

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ሰሙን እዚ ዩኒቨርስቲታት መቕለ፣ ኣዲስ ኣበባን ካልኦትን ኣብ ዩኒቨርስቲ ሰመራ ሙሁራን ብዛዕባ ሕቶ በሪ ባሕሪ ዘተ ገይሮም ነይሮም:: ኣብዚ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም:: እንታይ ትርጉም ኣለዎ ይብሉ? ኣድላይነቱ ከመይ ይገልፅዎ?**

**መምህር ግርማይ፡-** እዚ ዘተ ሙሁራን ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ፤ ኩሉ ነገር ተዛቲኻ እትውስኖ ውሳነ ፅቡቕ 'ዩ:: ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተዛራቢ ቋንቋ ዓፋርኛን ትግርኛን ኣሎ:: እዚ ህዝቢ እዚ መንነቱ ሓደ ህዝቢ 'ዩ:: ናብቲ ቐይሕ ባሕሪ ዝቀረበ ምስ ምኳኑ ተተሓሒዙ እቲ ህዝቢ ሓቢሩ ዝነብረሉን ዝጥቕመሉን ኩነታት ንምፍጣር ዘተ ኣድላይ 'ዩ:: ሓደ ዓይነት ህዝቢ ኮይኑ ገሊኡ በሪ ባሕሪ ተጠቃሚ ገሊኡ ተገሊሉ ምንባር ፍትሓዊ ኣይኮነን:: ነዞም ህዝቢታት ብምትእስሳር ዝስራሕ ስራሕ እንተልዩ ፅቡቕ ውፅኢት ከምፅእ ይኽእል 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ::

ህዝቢ ብዛዕባ እዚ ክማኸረሉ 'ዩ ዘለዎ:: ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ወሳኒ ግደ ከም ዝኾነ ህዝቢ ብዝግባእ ክግንዘቦ ኣለዎ:: ምስ ካልኦት ሃገራት 'ውን ምምኻር የድሊ:: በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ ምኳኑ ህዝቢ ዓለም ክርደኦ ምግባር ካብ ሙሁራት ዓብዪ ትፅቢት ይግበር:: ብፍላይ ህዝባ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ኣዝዩ ኣፀጋሚ ኩነታት ከምዝፍጠር ህዝቢ ዓለም ክርደኦ ኣለዎ:: በርግፅ ዓለም እናተገንዘቦ 'ዩ ዝርከብ:: ቅድሚ ሕዚ ብዝተሰሓሓተ መንገዲ በሪ ባሕሪ ስለ ዝለቐቕና ኢና ኣብ ፀገም ዘለና:: ኤርትራ ልዕሊ 40 ዓመት ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምስ ፀንሐት ዋላ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ፈቒዶምላ ነይሮም 'ዮም:: ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ካብ እትስእን ኣስታት 30 ዓመት 'ዩ:: ስለዚ 30 ዓመት ብዙሕ ኣይኮነን:: እንተኾይኑ ምስ ኤርትራ እንገብሮ ልዝብ ወሳኒ 'ዩ:: በዚ እንተዘይተሳኺዑ ድማ ካሊእ መንገዲ ምእላሽ ኣድላይ ይመስለኒ::

ኢትዮጵያ ኣማራፂ በሪ ባሕሪ ንምርካብ እናተኸተለቶ ዝመፀት ኣካይዳ ፍትሓዊ፣ ሰላማዊን ዲፕሎማስያዊን ስለ ዝኾነ ኩሉ ክድግፎ 'ዩ ዝግበኦ:: መቸም ጎረቤትካ በይኑ እናበልዐ ንስኻ ፆምካ ክትሓድር ትኽክል ኣይኮነን:: ተፈጥሮ ዝሃበካ ሃፍቲ ሓቢርካ ተስማዕሚዕኻ ከትጥቀመሉ 'ዩ ዝሕሸ:: እንበዓል ኣውሮፓ ተደጋጊፈን እየን ዓብየን:: ዓለም ናብ ሓንቲ መንደር እናመፀት ኣብዘለትሉ እዋን ውሑዳት ሃገራት ምብራቅ ኣፍሪካ ንምንታይ ናብ ሓደ ዘይመፃ? ዝብል ሓሳብ ኣለኒ:: ብተናፀል ክዓብያ ኣይኽእላን ተሞክሮ ካብ እኒ ኣውሮፓ ክወስዳ ኣለዎን:: ዩሮ ዞን ብዝብል ገንዘብ ይመሓደራ ኣለዋ 'የን:: እዚኦን ዞናል ማርኬት ኣለዎን:: ካብ እኒዚኦን ተመኩሮ ብምውሳድ ምዕባይ ይከኣል 'ዩ:: እዚ ድማ ምንም ዓይነት ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ናይ ህልውና ጉዳይ ጥራሕ 'ዩ:: ነዚ ድማ መፍትሒ የድልዮ 'ዩ:: ምኽንያቱ ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ጉዳይ ስለ ዝኾነ::

እዚ ፖለቲካ ንብሎ እንተኾይና ድማ የምናልባሽ ሰላማዊ ዲፕሎማስያዊ ርክብ 'ዩ ክመፅእ ዘለዎ:: ምስ እኒ በዓል ኤርትራን ካልኦት ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ 'ዩ ክኸውን:: እዚ ሕቶ እዚ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣይኮነን:: እዚ ናይ ህልውና ጉዳይ ምኳኑ ዘጣራጥር ኣይኮነን:: ናይ ህዝቢ ወይ ናይ ሃገር ሕቶ እምበር ምስ ናይ ፓርቲ ዘተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን:: እዚ ሕቶ እዚ ግልፂ ኮይኑ 'ዩ ዘይወፀ እምበር ቅድሚ ሕዚ ጀሚሩ ውሽጢ ንውሽጢ ይብላዕላዕ ዝነበረ ሕቶ 'ዩ:: ኢህኣዲግ ነዚ ጉዳይ እዚ ዓፊኑ 'ዩ ሒዝዎ ነይሩ:: ሕዚ ተወሳኺ ንምጥቃም ምፍርራም ጀሚራ ኣላ:: እዚ ፅቡቕ 'ዩ:: ኢትዮጵያ ቀደም ብዙሕ ዋጋ እትኸፍለሉ ዝነበረት ኣፍ ደገ ባሕሪ 'ያ ሕዚ ስኢና ዘላ:: ሕዚ 'ውን ተወሳኺ ዘድልያ እንተኾኑ ክሳብ እቲ ትደልዮ ትረክብ ድማ በቲ ጀሚራቶ ዘላ ቕኑዕ መንገዲ ከትደፍኣሉ ይግባእ:: ብሓፈሻ እቲ ሕዚ ምስ ሱማሌ ላንድ ተፈሪሙ ዘሎ ሰነድ ኣብ ጂቡቲ ዘሎ ምጭንናቅ ኣዝዩ ዝሕግዝ 'ዩ:: እቲ ጥቕሚ ንኹለን ስለ ዝኾነ ካልኦት ሃገራት በዓላተን ክቕዳደማልና 'የን:: ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ብዓይኒ እዳጋ፣ ሰላምን ፀጥታን ተደላይት ሃገር 'ያ::

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቐንየለይ::**

**መምህር ግርማይ፡-** ኣነ 'ውን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ሓሰባይ ክገልፅ ስለ ዝጋበዝኩምኒ የቐንየለይ::

> **ኢትዮጵያ ተወሳኺ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ዝኸደቶ ክያዶ ከንርኢ እንተለና ሰላማዊ፣ ዲፕሎማስያዊ ብፍላይ ሂብካ ምጥቃም ዝብል መትከል ምኽታላ ኣዝዩ ዝነኣድ ኣካይዳ 'ዩ ነይሩ**

# ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ...

መትከል ሂብካ ምቕባል ቕዋም ድሌት ሓባራዊ ጥቕሚ ምስ ጎረባብታ መሊሱ ዘፅንዕ ከም ዝኾነ ተገሊፁ፡፡

እቲ ሰነድ ሓዱሽ ናይ ምትሕብባር ምዕራፍ ዝኸፍትን ንምትእስሳር ቐርኒ ኣፍሪካ ዝያዳ ውፅኢት ዘለዎ ከም ዝኾነ፤ ኢትዮጵያ ኣብ ቀጠናዊ ሰላምን ድሕንነትን ዝግብኣ ተራ ንኽትፃወት ዝሐሸ ዕድል ዝፈጥር ከም ዝኾነ ተጠቒሙ፡፡

ኣብ ዙሪያ እቲ ስምምዕ መብርሂ ዝሃቡ ኣምባሳደር ሬድዋን፤ ኢትዮጵያ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ብመትከል ሂብካ ምቕባል እናሰርሐት ትርከብ ኢሎም፡፡

ኢትዮጵያ ኣብ ምዕባይ ዝርከብ ኢኮኖሚኣ ንምሽካምን ብሄራዊ ጥቕምታታ ክትሕልው ምእንቲ በሪ ባሕርን ኣማራፅታት ወደብን ከም ዘድልያ ዝገለፁ እቶም ኣምባሳደር፤ እዚ ድማ ብሰላማዊ መገዲ ጥራሕ ንምስኻዕ ምስ ጎራብቲ ሃገራት ብሓድነት ንምስራሕ ፃዕሪ እናገበረት ከም እትርከብ ኣዘኻኺሮም፡፡

ብመሰረት ፖሊሲ ጉዳያት ወፃኢ ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ምትሕብባርን ንጎረባብቲ ሃገራት ቐዳምነት ናይ ምሃብን ሂብካ ናይ ምቕባል መርህታት ብምኽታል ምጉዓዝ ከም ዝተኸኣለ ተዛሪቦም፡፡

ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ምስ ሶማሊላንድ ዝተፈላለዩ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕቲ ከሳልጥ ምኽዓሉ ዝጠቐሱ እቶም ኣምባሳዶር፤ ኣብ ክልቲኦም ሃገራት ቕድሚ እቲ ስምምዕ ብደረጃ መራሕቲ ሰፊሕ ምኽክክር ክካየድ ምፅንሑ ገሊፆም፡፡

ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኢትዮጵያ ምስ ሱማሊ ላንድ ዝተፈራረመቶ ስምምዕነት ብማሕበራዊ፣ ባህሊ፣ ጥዕና፣ ብትምህርትን ተመሳሰልቲ ዘፈራትን ብምትሕብባር ንምስራሕ ዘኽእልን፤ ብተፈላለዩ ዘፈራት ንቐፃሊ ኣብ ዝህልዉ ርክባት ከም መሰረት ኮይኑ ዘገልግል ምኳኑ ተዛሪቦም፡፡

እቲ ሰነድ ስምምዕነት ንኢትዮጵያ ድሌት ምርካብ በሪ ባሕሪ ጋህዲ ዝገብር፣ መማረፂ በሪ ባሕሪ ዘስፍሕ፣ ናይ ክልቲኣን ሃገራት ናይ ፖለቲካ፣ ዲፕሎማሲ፣ ናይ ፀትታን ኢኮኖሚን ምትሕብባር ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘሳጋግር ምኳኑ ገሊፆም፡፡

ብመሰረት እቲ ስምምዕ ኢትዮጵያ ኣብ ሶማሊ ላንድ ናይ በሪ ባሕሪን ወተሃደራዊ ሰፈርን ክህልዋ ኣብ ኸይዲ ድማ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ንኽትሰርሕ ዘኽእላ ከም ዝኾነ ኣምባሳደር ሬድዋን ኣፍሊጦም፡፡

እቲ ስምምዕነት ኢትዮጵያ ናይ በርበራ ኮሪደር ብስፍሓት ንምጥቃም ንከኽእላ ዝገብር ብምኳኑ ኣብዚ ተደሪኹ መሰረተ ልምዓት ባቡርን መንገድን ንምዝርጋሕ ዕድል ከም ዝፈጥር ገሊፆም፡፡

እቲ መተግበሪ ሰነድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሂብካ ምቕባል ኣብ ዝብል መትከል ዝተመስረተ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ናይ ምስራሕ ድሌት ቕዋምን ዘፅንዕ ምኳኑ ዝገለፁ እቶም ኣምባሳደር፤ በቲ ስምምዕነት ሶማሊላንድ ብንግድን ብዘፈር ዓቕሚ ህፀትን ምስ ኢትዮጵያ ብሓደ ንምስራሕ ከም ዘኽእላ ተዛሪቦም፡፡

ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ ዝተፈራረመቶ ስምምዕነት ኣብ ውሽጡ ኻልኦት ዝርዝር ጉዳያት ከምዘለዎ ኣምባሳደር ሬድዋን ሑሴን ገሊፆም፡፡

# ካብ ዳግመ ልደት ...

ንሕና ድማ ነንርእስና ከንፋቶ፣ ከንቓራረብን ከንተሓጋገዝን ይግባእ ክብሉ ኣታሓሳሲቦም፡፡

ጎይታና ፈጣሪ ብናይና ፍቕሪ ክሳዕ ሞት በፂሑ 'ዩ ዝበሉ ሊቀ ልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፤ ንሕና 'ውን ፈለማ ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምፍቓር ቕንዕና ዘለዎ ስራሕ ክንሰርሕ ይግባእ ኢሎም፡፡

ምስ ኹሉ ሰብ ሃይማኖት ይኹን ብሄር ከይፈለና ብሰብነቱ ጥራሕ ሓውን ሓፍትን ስለ ዝኾነ ክነኽብሮን ክንፈትዎን ከም ዝግባእ፤ እዚ ድማ ብተግባር ንዝጠመየ ብዓቕምና ምዕንጋል፣ ንዝዓረቐ ክንኸድኖን ዝተኣሰረ ከንጥይቖን ፈጣሪ ዝፈትዎ ስራሕ ክንሰርሕ ይግባእ ክብሉ ሚዒዶም፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ዘለዎ ተደራራቢ ፀገም ንኽፍታሕ ኹሉ ብዓቕሙ ሰብኣውነት ተሰሚዕዎ ካፍታ ዝበልዓ ከማቕልን ክርስቶስ ዘርኣዮ ፍቕሪ ደቂ ሰባት ክመሃሩሉ ከም ዝግባእ ብምሕባር፤ ኣብ ወፃኢ ዘለዉን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡን ኹሉም ንሎሚ ዘይኮነ ሕውነት ትርጉም ስለዘይብሉ ህዝቢ ፀገሙ ንኽቃለል ክተሓባበር ይግባእ ኢሎም፡፡

በዓል ልደት እንትንኽብር በይንና እናሳዕሳዕና ምውዓል ዘይኮነስ እቲ ፈጣሪ ዝደልዮ ሰናይ ተግባር እናፈፀምና ካብ ሓጥያት ርሒቕና ክነኽብሮ ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣስዒቦም ምስ መራሕቲ ሃገር ብዘተን ምኽክርን ናብ ዘሐሸ ምርድዳእን ሰላምን ምእታው ከም ዘድልይ ዝሓበሩ ሊቀ ልቃውንት ኣባ ጥዑመ ልሳን፣ ንኹሉ ህዝበ ክርስትያን ሰናይ በዓል ልደተ ክርስቶስ ክኸውን ሰናይ ትምኒቶም ገሊፆም፡፡

# ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን...

ዝፀንሐ ስምምዕነት ምትሕብባር ነይሩ 'ዩ። ክልቲኦም ወገናት ዝበለፀ ምሕዝነቶም ንምጥንኻር ኣብ ዝግበርዎ ፃዕሪ ዝተረኽበ ናይ ሐዚ ንኹሉ ዝሓቆፍ ሰነድ ምትሕብባርን ሽርክነትን ክሊቲኦም ወገናት ታሪኻዊ ዝብሃሉ ሕቶታት ብዝምልስ፣ ዝርዝር፣ ግልፅን ስትራቴጂክ ምሕዝነት ብዘላቂነት ንምህናፅ ዘኽእል ምኳኑ ኣመልኪቶም።

ብሶማሊላንድ ወገን ዝኾነ ሃገር እናደለየ ክፍፅሞም ዘይኽእሉ ሕቶታት ዝምልስ እንትኾን ካብ ዝኾነ ሃገር ክረኽብዎ ዘይኽእሉ ሓገዝን ሽርክናን ዘጎናፅፍ 'ዩ ክብል እቲ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን ገሊፁ።

ከም እቲ መግለፂ መንግስቲ ኮሙኒኬሽን፣ ኢትዮጵያ ዝነበራ ኣፍደገ ባሕሪ ካብ ርሑቑን ቀረባን ብዝተፈጥረ ተኻታታሊ ሽርሒ ተደፊኣ በሪ ባሕራ ስኢና ነይራ 'ያ:: እዚ ናይ ታሪኽ ስብራትን ንዴት ትውልዲን ንምእራም ኣብዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ናይቲ ለውጢ መንግስቲ ብዘይ ኩናት ማለት ሂብካ ምቅባል ብዝብል መትከል፣ ንዕቤት ሃገርና ዝምጥንን ዘላቒን ዘተኣማምንን መማረፂታት ኣፍደገ ባሕሪ ስለ ምስፋሕ ክመክርን ክፍትንን ፀኒሑ 'ዩ::

መንግስቲ ዕላዊ ብዝገበሮ ቅዋሙ መሰረት ምስ ዝኾነት ሃገር ናብ ኩናት ከምዘይኣቱን ንኹሉ ተጠቃሚ ዝገብር መማረፅታት ምህላዎም ከምዝኣምን፣ ኢትዮጵያ 'ውን ዘለዋ ፀጋታት ንምክፋል ፍቓደኛ ምኳና ክገልፅ ምፅንሑ ኣዘኪሮም::

ምስ ሶማሌ ብሓባር ተረባሓይነት ጉዳያት ንኣዋርሕ ብብስለትን ስኽነትን ምኽክርን ድርድርን እናተኻየደ ምፅንሑን ድሕሪ እዚ ድማ ኽልቲኦም ተረባሓይ ብዝገብር ኣግባብ ሰነድ ከምዝተፈራረሙ ተገሊፁ::

እቲ ሰነድ ንኢትዮጵያ ብኤደን ባህረሰላጤ ዘላቕን ዘተኣማምንን ግልጋሎት ቤዝን ኮሜርሻል ማሪታይም ሓይሊ ባሕሪ ብሊዝ እትረኽበሉ ዕድል ዘርክብ እንትኾን ቀዲሙ ዕላዊ ዝገበሮ በቲ ቅዋሙ መሰረት ሶማሌ ላንድ ካብ ኢትዮጵያ ኣየር መንገድ ካብ ሊዝ ዝሕሰብ ድርሻ ንክህልዋ ዘኽእል 'ዩ ክብል ገሊፁ::

ኣብ ከይዲ ሶማሊላንድ ኣፍልጦ ንምርካብ እትገብሮ ፃዕሪ ብዝምልከት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብጥልቀት ኣፅኒዑ ቅዋም ዝወስደሉ ኣግባብ ዘካተተ ስምምዕነት ከምዝተገበረ ገሊፁ::

እቲ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን ከምዝገለፆ፣ ምስ ሶማሌላንድ ዝተገበረ ስምምዕነት መንግስቲ ድልየት ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብታ ዝግበር ምትሕብባር፤ ብሂብካ ምቕባልን ብሰላማዊ መገዲ ጥራሕ ንክስኻዕ ዘለዎ እምነት ብተግባር ዘርኣየሉ 'ዩ:: እዚ ዕድል ንኹሉ ክፍቲ ዝነበረን ክፍቲ ኾይኑ 'ውን ዝነብር 'ዩ::

እቲ ስምምዕነት ኢትዮጵያ ናይ ዘመናት ጭንቀትን ቁዘማን ንምሕካም ዘኽእል ኣጋጣሚ ዝፈጠረ 'ዩ:: ብምኳኑ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ዘሕጎስ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ 'ዩ:: ንኹሉ ኢትዮጵያዊን ፈተውቲ ኢትዮጵያን ከምኡ 'ውን ናይቲ ዞባዊ ሰላም ዝጎድኦም ኣባላት ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ኹሉ ክሕጎሱ ይግባእ ኢሉ::

በዚ ስምምዕነት ዝጉዳእ ኣካል ኾነ ሃገር የለን፤ዝተጥሓሰ ሕግን ዝተሰበረ እምነት 'ውን የለን ዝበለ እቲ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን በዚ ኣወንታዊ ድምዳመ ዝኸፍኦ፤ ዝድንግፅን እቲ ኩነታት ንምዝራግ ዝንቀሳቐስ ኣካል ኣይህሉን ክባሃል ኣይካኣልን ኢሉ::

ስለዝኾነ ብፍላይ ኢትዮጵያውያን ብመልከዓን ቅዋማን፤ ኣብ ኣህጉርናን ኣደባባይ ዓለምን ዝግባኣ ቦታ እንትትረክብ ፤ሃናፂ ግዴኣ እንትትዋፃእ፤ ጥቕምታታ እንትኽብር ብሓባር ከምንኽብር ምእማንን ነዚ 'ውን ምፍልላይና ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ብምክእኣል ተተሓሒዝና ደው ክንብል እዚ ኣጋጣሚ ክንጥቀም ይግባእ ክብል መንግስቲ ፃውዒት ኣቕሪቡ ::

# ኽይዲ እቲ ምኽክር ናብ ኩሉ ክባፃሕ ተግባር መራኸብቲ ሓፋሻትን ሰብ ሞያ ኪነጥበብን ዕለታዊ ክኸውን ይግባእ

- **ልዕሊ 60 ሽሕ ተሳታፋይ ሃገራዊ ምኽክር ተለልዩ**

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኽይዲ ሃገራዊ ምኽክር ንማሕበረሰብ ተበፃሒ ንምግባር ተግባር መራኸብቲ ብዙሓትን ሰብ ሞያ ኪነጥበብን ዕለታዊ ክኸውን ከምዝግባእ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ። ንተሳትፎ ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ዝተለለየሎም ከባቢታት ልዕሊ 60 ሽሕ ተሳታፋይ ምልላዮም ተመላኺቱ።


ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ "ንሃገራዊ ምኽክርን ምስናይን ግደ ሰብ ሞያ ኪነጥበብ፣ ትካላትን ሰብ ሞያን መላለይቲ ምድላዋትን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ምስ ሓለፍቲ ትካላትን ምስ ሰብ ሞያ ኪነጥበብን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዘተ ተኻይዱ።

ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር) ኣብቲ እዋን ኣብ ዝገበርዎ መደረ ከምዘፍለጥዎ፤ ኽይዲ ሃገራዊ ምኽክር ነቲ ማሕበረሰብ ተበፃሒ ንምግባር ተግባር መራኸብቲ ብዙሓትን ሰብ ሞያ ኪነጥበብን በብዕለቱ ክኸውን ከምዝግባእ ተዛሪቦም።

ናይቲ ምኽክር ዕላማ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ተበፃሒ ዝኸውን ምስ መራኸብቲ ብዙሃን ተቐራሪብካ ምስራሕ እንትከኣል 'ዩ ዝበሉ ፕሮፌሰር መስፍን፤ ሰብ ሞያ ኪነጥበብ፣ ትካላት ሰብ ሞያን መላለይቲ ምድላዋት ብፅሒቶም ክዋፅኡ ይግባእ ኢሎም።

እቲ ምኽክር ናይ መንግስትን ሙሁራትን ሓሳብ ጥራሕ ዘንፀባርቀሉ ዘይኮነስ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ብማዕረ ተሳቲፎምሉ ናይ ሓባር ምርድዳእ ዝፍጠረሉ ምኳኑ ገሊፆም።

እቲ ምኽክር ንምዕዋት ናይ መራኸብቲ ብዙሃን ሰብ ሞያ ኪነጥበብን ቁልፊ ግደ ከምዘለዎም ብምግላፅ፤



**መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር)**

ኽይዲ እቲ ምኽክር ነቲ ማሕበረሰብ ተበፃሒ ንምግባር ንናይ ዕለቱ ተግባር ክኸውን ከምዝግባእ ኣፍሊጦም።

በቲ ኮምሽን ዝዳለው ኩነታትን ብባዕሎም ዝዳለው ኣጀንዳታት እናቀረፁ ብዛዕባ ዕላማ እቲ ምኽክር ነቲ ማሕበረሰብ ተበፅሒ ዝገበሩ ትካላት ኣመስጊኖም። ኽይዲ ሃገራዊ ምኽክር ተዛዚሙ ዓላምኡ ንምዕዋት ክሳብ ዝክኣል መራኸብቲ ሓፋሽ ነቲ ምኽክር ዝህብዎ ሽፋን ኣጠናኺሮም ንክቕፅሉ ጠይቆም።

እቲ ኮምሽን ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ከይሓወሰ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ልዕሊ 60 ሽሕ ተሳተፍቲ ተለልዮም 'ዮም ዝበሉ ዋና ኮምሽነር፤ ኣብ ቀፃሊ ብብርኪ ክልልን ፌደራልን ተራኺቦም ኣጀንዳ ዝእከበሉ ኩነታት ክመቻቾ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ምኽክር ኣሳታፊን ንኹሉ ዝሓቁፍን ንምግባር ብኣፍሪካ፣ ማእኸላይ ምብራቅ፣ ኣብ ኤስያን ኣብ ካልኦትን ወፅኢ ሃገራት ካብ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ብኢንተርኔት ኣቢሎም ዘተ ከምዝገበሩ ገሊፆም።

ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ብሌን ገብረመድህን ብወገነን ከምዝገለፅኦ ኣብ ክልል ኣምሓራ ተሓባበርቲ ኣካላት ንምልላይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ዝህቡ መምህራን ዩኒቨርስቲ ካብ ዝቕፅል ሰሙን ጀሚሩ ምስልጣን ከምዝጅምሩ ኣመልኪቶም።


ኣብ ክልል ትግራይ 'ውን ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ክውክሉ ዝኽእሉ ማሕበራት ስቪክ፣ ፎሮም ደቂ ኣንስትዮ፣ ማሕበራት ኣካል ጉዱኣት፣ ዓበይቲ ዓድን ካልኦትን መዳርግቲ ኣካላትን ተራኺቦም ምዝታዮም ኣፍሊጦም።

ኣብ ክልቲኦን ክልላት ተሳተፍትን ተሓባበርትን ኣካላት ምልላይ ዘይተጀመረ ኣብተን ክልላት ዘሎ ኩነታት ሰላምን እኹል ሓይሊ ሰብ ብዘይምንባሩ ምኳኑ ኣልዒሎም።

ምልላይ ተሳተፍትን ተሓባበርትን ኣካላት ኣብ ዝተዛዘመሉ ከባቢታት ኣብ ቀረባ ኣጀንዳ ምትእኽኻብ ከምዝጅምር ብምሕባር፤ ኣብ ከይዲ ዝርከብ ሃገራዊ ምኽክር ዕውት ንምግባር ኩሉ ብዕሒቱ ክዋፃእ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብቲ መድረኽ ዘተ ኮሚሽነራት፣ ኣርቲስታት፣ ሰብ ሞያ መላለይን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ዝተረኸቡ እንትኾኑ፤ እቶም ተሳተፍቲ ነቲ ሃገራዊ ምኽክር ብምድጋፍ ዕውት ንምግባር ኩሉ ብዘፈር ሞይኦም ሓገዝ ከምዝገብሩ ገሊፆም።





# በፃሕቲ ዓዲ ናብ ተፈጥሮኣዊን ባህላውን መስሕባት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብምምፃእ ዕረፍቲ ግዚኦም ንከሕልፉ ፃውዒት ቐሪቡ

በሪሁ ኣርጋ

መቐለ፡- በፃሕቲ ዓዲ ኣብ ክልል ትግራይ ፍፁም ሰላም ከምዝዓሰለ ብምርዳእ ናብ ተፈጥሮኣዊን ባህላዊን መስሕባት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብምምፃእ ዕረፍቲ ግዚኦም ንከሕልፉ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝም ክልል ትግራይ ዶክተር ኣፅብሃ ገ/እግዚኣብሔር ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝም እቲ ክልል ዶክተር ኣፅብሃ ከምዝገለፅዎ፤ ህዝቢ ትግራይ ለጋስን ፈታዊ ጋሻን 'ዩ፤ በቲ ዝነበረ ኹናት ብዙሕ እንተስኣነ 'ውን ንኣፉ ገዲፉ ንጋሻ ንምኹላስ በሩ ክፉቱ ይርከብ ኢሎም።

ንዳግመ ምጅማር ቱሪዝም ክልል ትግራይ ካብ ሚኒስቴር ቱሪዝምን ቢሮ ቱሪዝም እቲ ክልልን ዝተውፃእፅኡ ኣካላት ኣብ ዝተፈላለዩ መስሕባት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብምዝውዋር፤ ኣብ ውቕሮ መስጊድ ነጋሽ፣ እምባታት ገረዓልታ ገዳም ኣቡነ የማእታ ከምኡ 'ውን ኣብ ወርቃኣምባ ገዳም ቅዱስ ገብርኤል ወቔት ዑደት ኣካይዶም።

ከም ገለፃ ዶክተር ኣፅብሃ፤ ቱሪስትታት ዶብ ኣልባ ብምኳኖም ናብዚ ክልል እንትመፁ ትግራይ ጥራሕ እንተይኾነስ ጎረባብቲ ክልላት ብፍላይ ድማ ናብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ብምኻድ ዑደት ንክገብሩ ምስቶም ክልላት ብሕብረት እናሰራሕና ኢና ክብሉ ኣብሪሆም። እዚ ዘፈር ግሎባል ስለዝኾነ ብብርኪ ዓለም ለኸ ንምውድዳር እናፃዓርና ኢና፤ ኣብ ኢኮኖሚ ዘለዎ ጉልህ ግደ ብምርዳእ ብቁርፀኝነት ክንሰርሕ ይግባእ ኢሎም።

ብኻሊእ ወገን ኣቶ ገብረትንሳኤ ኣሰፋ ኣብቲ ኸባቢ መንነበዩ እንትኾን ኣብዚ ኩነታት እዚ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃብዎ ሓሳብ፤ ኣብ ሰንሰለታት ገርዓልታ ዝነበሩ ኸባቢታት መሰረተ ልምዓት ብዝነበረ ጎንፂ ምኽንያት ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ከምዝዓነዉን እዚ ንምምላስ ክስራሕ ከምዝግባእ ገሊፆም።

ቱሪዝም ዓንዲ ኢኮኖሚ ብምኳኑ ንሓደ ኸባቢ ኢሉ 'ውን ከም ሃገር ዘለዎ ረብሓ ብምርዳእ ትግራይ ብዘፈር ቱሪዝም ንምሕጋዝ ኹሉ ግዲኡ ክፃወት ከምዝግባእ ገሊፆም።

ህዝቢ ክልል ትግራይ በቲ ዝነበረ ጎንፂ ምኽንያት ንዓመታት ገዝኡ ጋሻ ሓሪምዎ ከምዝፀንሐ ዝፍለጥ 'ዩ፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ነቲ ዝተፈጠረ ኣንፃራዊ ሰላም ስዒቡ በሩ ኸፊቱ ከም ቐደሙ ኣጋይሽ ተቐቢሉ ዘለዎ ኣካፊሉ ንምብላዕን ንምስታይን እናተፀበየ ይርከብ ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።



# ስፖርት



## ብብርኪ ሃገር ማሕበረሰባዊ ምንቅስቓስ ናይ ኣካል ብቕዓት ትማሊ ክካየድ ጀሚሩ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ናይዚ ዓመት ቀዳማይ ዙር ሃገራዊ ማሕበረሰባዊ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ትማሊ ክካየድ ጀሚሩ። ኣብዚ ኣብ ኩሉ ከባቢታት እታ ሃገር ዝግበር ምንቅስቓሳት ኣካል ብቕዓት ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ሰባት ክሳተፉ ትፅቢት ከምዝግበር ሚኒስተር ባህልን ስፖርትን ፌደራል ኣፍሊጡ።

ብዙሕ ቁፅሪ ዘለዎ ህዝቢ ኣብቲ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ተሳታፊ ብምዃን ጥዕንኡ ንክሕልው ንምግባር ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ዝህልዎ ግደ ልዑል ምዃኑ ዝተገለፀ እንትኾን፤ ዘፈር ስፖርት ኢትዮጵያ ስፖርት ትኹረት ካብ ዝገብረሎም ጉዳያት ቀዳምነት ዝስራዕ ክኸውን ከኢሉ 'ዩ፡፡ ቅድሚ ሐዚ 'ውን ኣብ መላእ እዛ ሃገር ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ማሕበረሰብ ሓቆፍ በስፍሓት ክከናወኑ ዝፀንሑ እንትኾኑ፤ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ናይ መጀመሪያ ዝኾነ መርሃ ግብሪ ትማሊ ጀሚሩ ኣሎ፡፡

ብሚኒስተር ባህልን ስፖርትን ፌዴሪኢ ኣዳላውነት ዝግበር ንቅናቀ «ናይ ሓደ ሰዓት ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ንሚሊዮናትን ንሓባርነትን» ዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝሓዘ 'ዩ፡፡ እዚ መርሃ ግብሪ ኣብ ኩሎም ክፍልታት ኢትዮጵያ ካብ ንጉሆ ጀሚሩ ኩሉ በበ ዘለዎ ቦታ ከምኡ 'ውን ኣብ ዝተመረፁ ቦታታት ላዕለዎት ኣመራርሓ መንግስቲ ፌዴራልን ክልልን ኣብ ዝተረኸቡሉ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ዝግበር ይኸውን፡፡



ኣብ ሚኒስተር ባህልን ስፖርትን ፌዴሪኢ ዘፈር ልምዓት ስፖርት ዝኾኑ ሚኒስተር ዴኤታ ኣምባሳደር መስፍን ቸርነት ከምዝበልዎ፤ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ብብዙሕ ሚሊየን ዝቁፀሩ ማሕበረሰብ ክፍልታት ኣብ ሓደ ተሰባሲቡ ብምስታፍ ማሕበራዊ ምትእስሳር እቲ ሕብረተሰብ ንክጥንክርን ሓባርነቱ ንክሕይል ዝዓለመ ምዃኑ ገሊፆም፡፡

መርሃ ግብሪ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት፤ ስፖርቲ ባህሉ ዝገበረ ብኣካልን ብኣእምሮን ዝጎልበተ ማሕበረሰብ ንምፍጣር ዓብዪ ግደ ከምዘለዎ እቶም ሚኒስተር ዴኤታ ወሲኾም ገሊፆም፡፡ ኣብ ስፖርቲ ፍሉይ ተውህቦ ዘለዎምን ኣብ ውድድራት ዓለምለኸ ስም ኢትዮጵያ ሓፍ ኣቢሎም ክፀውዑ ዝኽእሉ ስፖርተኞታት ብምፍራይ ወገን 'ውን ርኡይ ግደ ይህልዎ 'ዩ ኢሎም። ስለዝኾነ መንግስቲ እዚ ብምርዳእ ኣካል ምንቅስቓስ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ተበፃሒ ንምግባር ፖሊሲ ተሓንፂፁ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ኣፍሊጦም፡፡

ነዚ መርሃ ግብሪ ቅድም ኢሉ ምድላዋት ዝተገበረ እንትኾን፤ ስፖርቲ ንማሕበራዊ ልምዓት ዘለዎ ግደ ከምዘርኢ ዝገለፁ ድማ ኣብ ሚኒስተር ባህልን ስፖርትን ፌዴሪኢ ስራሕ ፈፃሚ ልምዓት ስፖርት ኣይተ ተስፋዬ በቀለ 'ዮም፡፡ ስፖርቲ ሓባርነትን ሕውነታዊነት ንምስፋሕ ዘለዎ ረብሓ ልዑል ብምዃኑ ልዑል ምድላው ብምግባር ቅድም ኢሉ ኣብቲ መርሃ ግብሪ ግንዛበ ንምፍጣር ተኻኢሉ 'ዩ። ምስ ክልላት 'ውን በቲ ዝተቀመጠ ኣንፈት መሰረት ተፈፃሚ ንክኸውን ኣብ ምርድዳእ ብምብፃሕ ብፍላይ ኣብ ቤት ትምህቲታት ትኹረት ብምግባር ክካየድ ጀሚሩ ኣሎ፡፡

በዚ መሰረት ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ መላእ እታ ሃገር ዝርከቡ ቤት ትምህርትታት ውሽጢ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ብምግባር ብሚልየናት ዝቁፀሩ ተምሃሮ ክሳተፉ 'ዮም። ካብዚ ብዝሓለፈ ድማ ኣብ በቢ ክልሉ ዝተመረፁ ቦታታት ምንቅስቓሳት ይካየድ ኣሎ። ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብዋናነት ኣብ ቤት ህንፀት ቃሊቲ ውሽጢ ኣመራርሓታት ኣብ ዝተረኸቡሉ 'ውን ከምኡ፡፡

ኣብ ክልል ኦሮሚያ ከተማ ቢሾፍቱ፤ ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ወላይታ ሶዶ፤ ኣብ ክልል ሲዳማ ከተማ ሃዋሳ፤ ኣብ ክልል ማዕከላዊ ኢትዮጵያ ከተማ ሆሳዕና ኣብ ከተማ ወልቂጤን ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ክልላት ቤኒሻንጉል፤ ድሬዳዋን ሀረሪን 'ውን እዚ ንቅናቀ ብስፍሓት እናተኸናወነ ከምዘሎ ተፈሊጡ 'ዩ፡፡

ናይ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት በቢዓመቱ ኣብ ኣርባዕተ ዙር ዝካየድ እንትኾን፤ ኣብ ወርሕታት የካቲት፣ ሚያዝያ ከምኡ 'ውን ሰነ ኣብ መላእ እታ ሃገር ንኽካየድ ተተሊሙ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣይተ ተስፋይ ኣመልኪቶም፡፡ ኣብ 2015 ዓ.ም ኣብ ዝተገበረ ብሄራዊ ናይ ማሕበረሰብ ሓቆፍ ምንቅስቓስ ኣካል ብቕዓት ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ሓሙሽተ ሚሊዮን ዝኸውን ሕብረተሰብ ንምስታፍ ተተሊሙ 5 ነጥቢ4 ሚሊዮን ዝኾኑ ሰባት ድማ ተኻፊልቲ ንምግባር ተኻኢሉ 'ዩ፡፡ ኣብ ዝቅፅሉ እዋናት 'ውን በዝሒ ቁፅሪ ተሳተፍቲ ብምውሳኽ ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዘ ንምክያድ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ከምዝተጀመረ ገሊፆም።

## ባህላዊ መግብታትን ስርዓት ኣመጋግባን ብሄረ ኩናማ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ምግቢ ካብቶም መግለፂ ባህልታትና ዝኾኑ ሓደ ኮይኑ ካብ ከባቢና ሪሕቅና ኣብ እንኸደሉ እዋን 'ውን ልክዕ ከም ቤተሰብና፣ ዝዓበናሉ ማሕበረሰብ፣ እንዝክረሉን ባህላዊ ምግብና 'ውን ጣዕሙን ሽትኡን ይዝከረና ንናፍቆ 'ውን።

በዚ መሰረት ሓደ ማሕበረሰብ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ዝግለፀሉ ባህላዊ ኣመጋግባ ኣለዎ 'ዩ። ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ብብዝሓት ካብ ዝፈለጡን ሓደ እዋን ጋዜጠኛ ደስታ ገብረመድህን ገለ ካብ ባህላዊ ምግብታት ትግራይ ኢሉ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ከምዝዘርዘሮም ነዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፡- ባህላዊ ዓይነታት ምግቢ ጣይታ /እንጀራ/፣ ሕምባሻ/ጎጎ/፣ ሕብሽቲ/ጓጉባ/፣ ብርኩታ፣ ኣባ ዘማርያም፣ ቃተኛ፣ ገዓት፣ ጥሕሎ፣ ቕጫ፣ ፎሽኸታ፣ ሃንዛ፣ ጦሮሾ፣ ፍራሮ/ጥሕኒ/፣ ጡቕጡቖ/ሙጎ፣ ሕስዮ፣ ፅልዖ /ህንኩቶ/ ትኩሻ፣ ኣኮቻ፣ ባሽላ (ምግቢ ኩናማ) እናበለ ይቕፅል።

ካብ ዓይነታት ፀብሒ ድማ ዝግኒ /ቀይሕ ፀብሒ/፣ ቅልዋ፣ ድውለት/መዓንጣ ሓሙት/፣ ፀብሒ እንጣጢዕ፣ ሰሊጥ/ሱፍ ፍትፍት፣ ሽሮ፣ ደርሆ፣ ሕልበት፣ ሓውዞ፣ ግዕዝም፣ ክክዕ፣ ሓምሊ፣ ድንሽ፣ ዱባ፣ ደቖቖ፣ ብርሽን፣ መረቕ ስጋ፣ ኣዋዘን ከምኡ 'ውን ካብ ዓይነታት መስተ ድማ፡- ስዋ/ዱቃ/፣ ሜስ፣ ኮረፎ፣ ብርዚ፣ ኣባዕኸ፣ ቡን፣ ፀባ፣ ርጉኦ፣ ኣጅቦ፣ ማጨባ፣ ዓውሶ (ሕቛን) ዳጋን ኣይፋን (መስተ ኩናማ) ካልኦትን ይርከርብዎም።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ትኹረት ፅሑፍና ኣብ ዛዕባ ናይዞም ኩሎም ዝተዘርዘሩ ዓይነታት ምግብን መስተን ትግራይ ንምፅሓፍ ዘይኮነስ ካብቶም ዝተዘርዘሩን ተመሳሳልን ዝኾኑ ዓይነታት ባህላዊ ምግቢ ብሄር ኩናማን ብፍላይ ስሩዕን ዘይስርዑን (ኣብ እዋን ድርቅ ዝዝውተሩ) ዝተወሰኑ ዓይነታት ባህላዊ ምግቦምን ስርዓት ኣመጋግብኦምን ገለ ንምባል 'ዩ።

ከምዝፍለጥ ህዝቢ ኩናማ ካፍቶም ቀዳሞት ዓሌት /super family/ nilo sahran ዘርኢ ኒላዊ ተባሂሎም ካብ ዝፅውዑ ዓሌታት ዝመፀ እንትኾን ኣብ ብበዝሒ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ ኤርትራን ዝነብር 'ዩ። ዓበይቲ ተወለድቲ እዚ ብሄረሰብ ከም ዝብልዎ መበቆል ብሄረሰብ ኩናማ ኣክሱም ከም ዝኾነ ቅድሚ ዓሌታት ኩሽን ሴማውያንን ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ ምምፅኦም ይገልፁ።



ብሄረሰብ ኩናማ ኣብ ትግራይ ዞባታት ምዕራብን ሰሜናዊ ምዕራብን ትግራይ ይርከብ። እዚ ህዝቢ ቑፅሩ ውሑድ እንተኾነ 'ውን ባህሉን ታሪኹን ግና ብዙሕ ከምዝኾነ 'ዩ ገለ ሙሁራት ዓውዲ ታሪኽ ዝገልፁ። ህዝቢ ኩናማ ብዙሕ ባህልን ታሪኽን ዘለዎ ህዝቢ እንተኾነ 'ውን ክንድቲ ዝድለ ዘይተፅሓፈሉን ዘይተዘረበሉን ህዝቢ ከምዝኾነ 'ውን ዝፍለጥ 'ዩ።

ኣብ ባህላዊ ስርዓት ኣመጋግባ ብሄረ ኩናማ ፍልይ ካብ ዝብሉን ጠቀምትን ካብ ዝኾኑ ሓደ ቆልዑት ንድራር ወለዲ ክፀበዩ የብሎምን ዝብልን ንህፃናት ቀዳምነት ዝህብ ካብ ወለዲ ዝፀንሓ ልምዲ 'ዩ። ቆልዑት ተደሪሮምን ምፅጋቦም ድሕሪ ምርግጋፁ እቲ ዝተረፈ ዓበይቲ ንክበልዑ ይግበር። እዚ ድማ ካብቶም ፅቡቃት ዝብሃሉ ባሕሊ ማሕበረሰብ ኩናማ 'ዩ። እዚ ዝትግበርዎ ድማ ከም ባህሊ ኮይኑ ስለዝፀንሑም ጥራሕ ስለዘይኾነስ ሐዚ 'ውን እቲ ልምዲ ካብ ልቦም ስለዝኣምኑሉን ክገብርዎ ደስ ስለዝብሎምን 'ውን 'ዩ።

ኣብዚ ልዕል ኢሉ ንምግላፅ ከምዝተሞከረ ባህላዊ ምግብታት ብሄረ ኩናማ ካብ ዝኾነ ሓደ ምግቢ "ትኩዳ" ወይ "ትኩሻ" ዝብሃል ካብ ስሩዕ ባሕላዊ ዓይነት ምግቢ ሓደ ኮይኑ፤ ናይዚ ምግቢ መባልዕቲ ፀብሒ ድማ "ዳባላ" ይብሃል። እዚ መባልዕቲ ፀብሒ ካብ ነቂፁ ዝተጠሓነ ቆፅሊ ዲማ ዝዳለው ኮይኑ፤ ዝተፈላለየ ዓይነታት ፀብሒ ዳባላ ድማ ኣሎ። ገለ ገሊኡ "ዑብ" ካብ ዝብሃል ኣብ ዋልካ ከባቢ ዝቦቅል ኮይኑ እዚ 'ውን ብርሑሱ ተመቲሩ ደሪቁ ምስተጠሓነ ዝስራሕ ኣይነት ፀብሒ ዳባላ 'ዩ። ከምኡ

### መኣዲ ጥበብ

'ውን ከም ባሽላ ዝበሉ ምግብን ካልኦት መግብታቶምን ኣብ ዝነብሩሉ ከባቢኦም እንጀራ ዝብሃል ኣብ ዘይፈለጡሉ እዋን ስሩዕ መግቢ ኮይኑ፤ እዚ ምግቢ ድማ ሓይሊ ወሃቢ ዓይነት መግቢ ከምዝኾነ 'ውን ይሕበር። ብተመሳሳሊ ከም "ዳጋን" "ኣይፋን" ዝበሉ መስተታት ኩናማ 'ውን ካብ ባህላዊ ዓይነታት መስተታቶም 'ዮም።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ከምዝ ሐዚ ኣብ ቡዙሕ ከባቢታት ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ድርቂ ኣብ ዘጋጥምን እኹል ምህርቲ ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ድማ ናይ ባዕሉ ዓይነት ኣመጋግባ ኣለዎም። ኣብዚ እዋን ካብ ዝምገብዎም ድማ ከም ኤሳ፣ ኦሳን ሽንጋላ ብትግርኛ መቂዕ ተባሂሉ ዝፍለጥ ቆፅሉ ከም ሓምሊ ኾይኑ ንምግብነት ዝውዕል ኮይኑ፤ እቲ ፍረኡ ድማ ተማፂዩ ዝብላዕ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብኡ ብዝሓለፈ እቲ ፈረ መቂዕ ተቀጥቂጡ ዝወፅአ ድማ ዘይቲ ንክወፅኦ ብምግባር ንምግብነት ይውዕል።

ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ባህሊ ኩናማ መቂዕ ካብ ንምግብነት ካብ ምውዓሉ ብተወሳኺ ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ይውዕል 'ዩ። ካብዚ ከም መድሓኒት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ከምዝውዕል ኩናሞቶት ወለዲ ይገልፁ። ንኣብነት ፍረ መቂዕ ንቁርፀት ከብዲ መድሓኒት ኮይኑ ከምዘገልግል ይፍለጥ።

ካልእ ብኩናምኛ "ሽኩታ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ካብ ፍረ ጋባ ዝስራሕ ኣይነት ምግቢ ኮይኑ፤ ፍረ ጋባ ኣብ ሞጉእ ተወቂጡ ተነፍዩ ዝወፅእ ሕሩጭ ተቀጭቅጬ ክሳብ ዓመት 'ውን ክፀንሕ ዝኽእልን ኣብ እዋን ፀገም ወይ ከምዚ ሐዚ ዘሎ ድርቅን ጥምየትን ክፍጠር ከሎን ምግቢ ካብ ዝውዕሉ ዓይነት ምግቢ ሓደ 'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ድርቂ እዋን ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ተኽልታት ንምግብነት ብምውዓል ድርቂን ጥምየትን ዝሰግሩሉ ፅቡቅ ልምዲ 'ዩ።

ስለዚ ከምዚ ዝበሉ ልምድታት ከምዚ ሐዚ ኣብ ብዙሓት ከባቢ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ድርቂ ንምስጋር ዝጠቅም ልምዲ 'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ብተመሳሳሊ ኣማራፂ ምግብታትና ንምስፋሕ 'ውን ፅቡቅ ዕድል ዝፈጥር ብሙኳኑ ብሰብ ሞያ መግብን ብኻልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ትኹረት ተዋሂብዎ ክበረታታዕን ክሰፍሕን ዝግባእ ልምዲ 'ዩ።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ